
መበል 32 ዓመት ቁ.33 ቀዳም 8 ጥቅምቲ 2022 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ግጭት ትግራይ - ዘቤታዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ

ገጽ 3
ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን - ዞባ ጋሽ-ባርካ


ገጽ 6
"ናይ ኣመጋግባ ልምዲ፡ ካብ ወለዲ ናብ ደቂም . . .


ገጽ 8
ስውር ሀያብ


ገጽ 11
ውድድር ኩዕሶ ሰኪዔት፡ ኣብ ሓያል ናይ መዛዘሚ ውድድር!




# ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል፡ ሓረስቶት ዝኣኸለ ኣዝርእቶም ክእክቡ ኣዘኻኺሩ



ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል፡ ሓረስቶት ጺዮቅ ማዕጺድ ዝፍብ ከየርክቦም፡ ዝኣኸለ ኣዝርእቶም ተቐላጢፎም ክእክቡ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኩነታት ዘራእቲን ዲጋታትን ንምዕዛብ፡ ብ5 ጥቅምቲ ብሓለፍቲ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ሞያውያን ሕርሻን ተሰንዩ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ - ምምሕዳራት ከባቢ ጸሎት፡ ዓዲ-ሓወሻን ዓዲ-ሓመሸተን ዑደት ኣካዪዱ።

ኩነታት ኣእካል ብሓፈሻ፡ ምሩጽ ኣዝርእቲ ስርናይ ድማ ብፍላይ ኣብ ዝተዓዘበሉ ኣቶ ፍስሃየ፡ ሓረስቶት ብሰብ ሞያ ሕርሻ ክወሃቦም ዝጸንሐ ሞያዊ ምኽሪ ብግቡእ ስለዝተጠቐሙሉ፡ ምስ ዝበረ ሰናይ ክራማት ተደሚሩ፡ ርቡሕ እቶት ክሓፍሱ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣማኑኤል ወልደጻዮን፡ እቶታውነት ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ቅቡእ ኣዝርእቲን ንምዕባይ ንሓረስቶት ዝተዋህበ ኣስተምህሮታት፡ ብዘጠቓልዑ ባህርያዊ ድኹዒ ከምፖስት ተሓጊዙ፡ ዘተባብዕ ወጽኢት ደሃብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ሳላ'ቲ ብቐጻሊ ክወሃቦም ዝጸንሐ ሞያዊ ምኽሪን ወሓለ ቀረብ ምሩጽ ኣዝርእትን እቶታውነቶም ክብ እናበለ ምምጽኡ ጠቒሶም፡ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ካብ ሓደ ሄክታር ክሳብ 80 ኩንታል ክሓፍሱ ትጽቢት ከምዘለዎም ገሊጾም።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ጉዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ጻዕሪታት ይቕጽል

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ተርእዮ ጉዳእቲ ልምድታት ብሓፈሻ - ክሸኖ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምውጋድ፡ ንቕሓትን ግንዛበን ሕብረተሰብ ኣብ ምብራኽ ዘተኰረ ገሳግሳትን ኣስተምህሮታትን ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና - ሓላፊ ጥዕና ፍርያምነት ኣቶ ሙሳ ኑርሑሴን ሰኣን ኣፍልጦን እኹል ግንዛበን፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝዘውተሩ ጉዳእቲ ልምድታት፡ ብቐንዱ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ሃሳዪ ሳዕቤናት ከምዘለዎም ብምምልኻት፡ ንምውጋዶም ብሕልፊ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ጸዕቂ ገሳግስ ይግበር ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ሸዕብ፡ ጊንዳዕ፡ ገልዓሎን ባጽዕን ዝቖሙ ኮሚተታት ድሕነት ኣደ፡ ኣብ ምጕላይ ጉዳእቲ ልምድታት ደሓን ኣበርክቶ ይጉብሩ ከምዘለዋ ዝጠቐሰ ኣቶ ሙሳ፡ እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ቀጽሪ ናይተን ክትትል ቅድሚ ሕርሲ ዝጉብራን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሕግዛን ፍሱጻራት፡ ናቱ መርኣያ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ማዕረ-ማዕረ'ቲ ብሮሚት ኣደን ህጻንን ዝተፈጸ ንጥፈታት፡ ተራ ምምሕዳራት ከባቢ እውን ወሳኒ ምዃኑ ብምሕባር፡ ብወሀድ ስራሕ ናይ ኩሎም ኣካላት ተመዛዘቡ ዘሎ ገሲጋስ ንምዕቃብ ተራን ኣበርክቶን ናይ ኩሉ ዜጋ ክዓዝዘ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ሙሳ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ እናበረኸ ይመጽእ ብምህላው፡ ተርእዮ ጉዳእቲ ልምድታት ኣብ ቀረባ መጻኢ ከምዝውገድ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

# ዓዲ-ቐይሕ - ዘራእቲ ስድራ-ስዉኣት ብህዝቢ ተዓጺዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሓይሐበን ዕናቡርን፡ ናይ ስድራ ስዉኣትን ኣብ ምክልኻል ሃገር ዝርከቡ ዜጋታትን ዘራእቲ ዓጺዶም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዕናቡር ኣቶ ኪዳነ መለስ፡ ጽገማት ወገናትካ ምሕጋዝ ዝጸንሐን ዘሎን ክቡር ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ብክልተ ምምሕዳራት ከባቢ ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶ ኣብ ካልእ እውን ክምዝፍጸም ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ኣካያዲት ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ሓይሓብ ወ/ሮ ኣስመረት ተሰፋሚካኤል ብወገና፡ ካብ ክልቲኡ ምምሕዳራት ከባቢ ልዕሊ 700 ጉልበት ሰብ ብምውፋር፡ ናይ ልዕሊ 80 ስድራ-ቤታት ኣእካል ከምእተዓጽደ ሓቢራ።

# ዓለማዊ መዓልቲ 'ሰረብራላዊ መልመስቲ' ተዘኪራ ውዒላ

ዓለማዊ መዓልቲ 'ሰረብራላዊ መልመስቲ'፡ "ምስ ሰረብራላዊ ልምሰት ንዝነብሩ ሰባት ንሓግዝ" ብዝብል ቴማ፡ ብ6 ጥቅምቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና - ሓላፊ ምክትታል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ያቆብ ሃይሉ እቲ ዝኽሪ ቀንዲ ኣጉዳስነቱ፡ ኣፍልጦን ተራን ሕብረተሰብ ኣብ ምእላይ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ወገናት ንምዕባይ ንምብራኽን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ማሕበር ሓላፊት ውዳበን ምክትታልን ዞባታት ወ/ሮ ይብራኣለም የዕበዮን ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት ኣቶ እዮብ ጺጋይን ድማ፡ ምስ ሰረብራላዊ መልመስቲ ንዝነብሩ ዜጋታት ናይ ምእላይ ሓላፍነት፡ ነቲ ማሕበርን ንወለድን ጥራይ ዝግደፍ ጉዳይ ከምዘይኮነ ብምዝኽኻር፡ ሕብረተሰብ ብምልኡ ሓላፍነት ወሲዱ ምትሕብባሩ ከዕዝዝ ተላብዮም።



ኣብ'ቲ ዕለት፡ ነታ መዓልትን ኣገዳስነታ ናይ ዝኽሪ መደብን ዘንጸባርቕ - ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ተኻዪዱን ስነጥበባዊ መደባት ቀሪቡን።

ዓለማዊ መዓልቲ 'ሰረብራላዊ መልመስቲ'፡ ኣብ ዓለም ን10ይ ኣብ ሃገርና ድማ ን4ይ ግዜኣ እያ ትዝከር ዘላ።

# ተኣለይቲ ግዳያት ፌስቱላ ሓገዝ ረኺበን

ኣብ ሸወደን ዝነብራ ኣባላት ሃማደኤ፡ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ንዝእለያ ዘለዋ ግዳያት ፌስቱላ ዓይነታዊ ደገፍ ገይረን።

እቲ ሓገዝ ናውቲ ጽሬትን መግብን ከምኡ'ውን መራኸቢ ከምዝጠቓለለ፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይ'ቲ ሆስፒታል ኣቶ ኣብርሃም ተስፋሚካኤል ገሊጹ።

ኣብ ምእላይ እተን ግዳያት እትነጥፍ ሰስተር ደርጋኣለም ኢሳቕ ብወገና፡ እቲ ሓገዝ መርኣያ ዜግነታዊ ሓላፍነት ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ካልኦት ኣካላት እውን ክስዕብዎ ተላብያ።

ካብ፡ ኣሰታት 2070 ግዳያት፡ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ብዝተገበረለን ሕክምናዊ ረድኤት - ሓውየን ናብ ገዛኣን ከምእተፋነዋ ዝጠቐሰት ሰስተር ደርጋኣለም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብሩን ካብ ወጻኢ ዝመጽኡን ዜጋታት ንዝገብሩዎ ዘለዉ ደገፍ - በዚ ኣጋጣሚ ኣመስጊና።

## ርእሰ-ዓንቀጽ

# ግጭት ትግራይ - ዘቤታዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ

ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ፡ ጃንዳ ወያነ ኣግሊድነቱ፡ ግጭት ትግራይ ካብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ሓሊፉ፡ ኣካል ናይ'ቲ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምቁጽጻርን ንምዕብላልን ዝተፈደ ውድድር ርእሱ-ሓያላን (ኣመሪካ፡ ሩስያን ቻይናን) ምዃኑ፡ ወያነ እንተተሳዒሩ ድማ ንኣመሪካን መሻርኽታን ዓቢ ስግኣት ከምዝፈጥር ንምእማን ዝዓለመ ሓደሽ ቃና ከጋውሑ ይስምዑ ኣለዉ።

ወያነ ኣሳሲዩቱን ኣቐድም ኣቢሎም፡ ግጭት ትግራይ ምስ ጉዳይ "ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት" ብምትእስሳር፡ ብመንገዲ "ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰል ኢና" ዝብሉ ትካላትን መጋበርያታት ማዕከናት ዜናን ዘጋውሕዎ ዝነበሩ ኣእዛን ማሕበረሰብ ዓለም ዘደንቆረ ኣውያት ከሰምዑ ንዘጽንሑ፡ እቲ ዘሙት ብሓንሳብ ናብ ካልእ ኣንፈት ምቕያሩ ክገርም ይኽእል ይኸውን። ኣብ ባይታ ዘሎ ምዕባለታት ንዝከታተል ግን፡ ኣብ'ዚ መውዳእታ ሰዓት ግጭት ትግራይ ኣህጉራዊ መልክዕ ንምትሓዝ ዝደረኽ ስግኣት ምርዳእ ኣየጸግምን።

ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ዘመታታት ነዚ ሓደሽ ቃና፡ ዕላማኡ ብቐንዱ፡ ሓቐኛ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸሰተ ጸገም ብምዕባሽ፡ ወያነ ዝፈጸሞ ገበናትን ከም ሳዕቤኑ ኣብ ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያን ዝወረደ ዕንወትን ዓበይቲ ንወያነ ካብ ተሓታትነት ምድሓን እዩ።

እንተኾነ፡ ብዮሃዕ ኢድ ብርሃን ጹሓይ ምኽዋል ዘይከኣል ኢዩ ፤ ጠንቂን ኣመዓብብላን ግጭት ትግራይ፡ ብፕሮፓጋንዳዊ ምዕባሽ ክሕባእ ዘይክእል እምብዛ ንጹር እዩ።

• እዚ ብቐጥታ ህዝቢ ካብ ስልጣን ዝተባረረ ጸቢብን ገበኛን ጉጅለ፡ ነቲ ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸተመ፡ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንዞና ተስፋ ሰላም ዘበሰረ "ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን" ንምትዕንቓፍን ንድሕሪት ንምምላስን፡ እልቢ ዘይብሉ ወዲታት ፈጺሙ።

• ንህዝቢ ትግራይ ጀሆ ሒዙ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ደርማ ሰራዊት ኣሰልጢኑ፡ ኣብ'ቲ ክልል ዓቐኑ ንዝበረ 80% ወተሃደራዊ ዓቕሚ ናይታ ሃገር ዝዓጠቐ ሃገራዊ ሰራዊት ብቓጻ ኣጥቂዑን ኣጽዊራቱ መዝዩን፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ገስጊሱ መንግስቲ ንምግልባጥ፡ ድሕሪኡ ድማ ኣፈ-ሙዝ ብረቱ ናብ ኤርትራ ንምቕናዕ ብዜማታት ጉራ ዝተሰነየ ዕንደራ ፈጺሙ።

• መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ፈለማ ኣብ ወርሒ ሰነ 2021 በይናዊ ውሳኔ ምቍራጽ ተኹሲ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2022 ድማ ምቍራጽ ተኹሲ ንሰብኣዊ ሕሶባት ብምእዋጅ፡ ነቲ ኩናት ንምህዳእ ስጕምቲ ምስ ወሰደ'ውን እንተኾነ፡ ጃንዳ ወያነ ንህዝቢ ትግራይ ንዝተለኣኸ መግቢ ረድኤት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዕኡ ንምብጻሕ ዝኣተዋ መካይንን ዝተሳእኮ ነዳድን ኣብ ጨው ቀትሪ ዘሚቱ ናብ ሰራዊቱ ብምቕናዕ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ 2021 ከምኡ'ውን ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2022 ክልተ ሰፋሕቲ ወራራት ኣበጊሱ።

• እዚ ንዓመት መመላእታ ዝተኻየደ ናይ ዓይኒ-ብዓይኒ ስኒ-ብስኒ ወራራቱ ዘጠግመም፡ መዓንጣ ዘይቆጽሩ ኣሸሓት ቆልዑ ካብ ሕቑፊ ስድራ-ቤቶም ብምምንዛዕ ብድሕሪ ሜላታት ቀዳማይ ኩናት ዓለም፡ ብሰብኣዊ ማዕበል ድረር ዓረር ብምግባር ኣህለቒ።

• እዚ ብሕሰም ህዝቢ ትግራይ ፋዕራ ዘይብሉ ኣገልጋሊ ጃንዳ፡ ነቲ ወራራቱ ኣብ ወርሓት ወቕቲ ማሕረስን ምእካብ ምህርትን ብምክያዱ፡ ነቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ ሕሰም ህዝቢ ትግራይ፡ መሊሱ ኣብኢሱዎ።

ስለዝኾነ፡ በዚ ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ከቢድ ጸጥታውን ሰብኣውን ቅልውላውን ናይ ኩናት ገበንን ተሓታቲ፡ እዚ ዓንዳሪ ጉጅለ ጥራይ እዩ። ግጭት ትግራይ እምበኣር፡ ምስ ጅኦ-ፖለቲካዊ ውድድር ርእሱ-ሓያላን ዘተኣሳስር ምኽንያት የብሉን።

ዝዞባዊ ጉዳያት ብዝምልከት፡ ፖሊሲ መርገጺ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ንጹርን ዘየሻምዉን እዩ። ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን፡ ማእከል ዓለማዊ ጥሙሓትን ውድድራትን ኮይኑ ብምጽንሑ፡ ህዝብታት ዞባና እምብዛ ተጎዲኦም እዮም። ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ናጽነቱ ብምግፋፍ ነዊሕን ደማዊን ኩናት ዘስዓበ ጅኦ-ፖለቲካዊ ስትራተጂ ኣካል ናቱ'ዩ። ምትእትታው ዓበይቲ ሓይልታትን ሕጽረ መሻርኽቶም ዞባውያን ጉብለላትን፡ ነቲ ልክዕ ዝጐደኦን እኳ'ም ህዝብታትን ሃገራትን ናይዚ ዞባ፡ ንልዕሊ 80 ዓመት ጓሂዎም እዮ። ከንዲ ዝኾኑ መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ፡ "ዞና መፀንደርን መወዳደርን ባይታ ዓለማውያን ሓይልታት ክኸውን ኣይግባእን" ዝብል ንጹር እዩ።

ኤርትራ፡ ኣብ ጉዳይ ምውሓስ ጸጥታ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ካልእ ዞባዊ ጉዳያት እውን፡ ዋላ ኣብ ዘቤታዊ ሽግራት ውልቀ-ሃገራት፡ "ፈጸምቲን ፍታሕን ብቐንዱ ብሰብ ጉዳይ'ዩ" ዝብል መትከላዊ ኣረኣእያ ኣለዋ። ካብ'ዚ መትከል'ዚ ብምብጋስ ድማ፡ ንምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታት ኮነ ምእሃዝ ዘቤታዊ ጉዳያት ኩሉ ሳዕ ኣኽሪራ ምስ ተቓወመት እያ። ግዳማዊ ምትእትታው ዘላቒ ሰላምን ጸጥታን ዘረጋግጽ ከምዘይኮነ ጸኒዑ እምንቶ ኣለዋ። ኣብ'ዚ ዞባ ዘሎ ኣራግጽ ዓበይቲ ሓይልታት ኣበቂዑ፡ ልኡላውነት ህዝብታትን ሃገራትን ናይ'ዚ ዞባ ክብረት ክዋሆ እዩ ድሌት ኤርትራ። ሃገራት'ዚ ዞባ ከኣ፡ ሰላምን ጸጥታን ዞባኦን ናይ ምውሓስ ሓላፍነት ባዕለን ክስከማ፡ ኣብኡ ከይተሓጽራ እውን፡ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ዞባኦን ብናይ ሓባር መረዳእታ ከጸምዳ፡ ሓባራዊ ጺጋታተን ተመላሊኡ ዝሰርሓሉ ኣልያ (መካኒዝም) ክፈጥራ ትብህግ።

ርግጽ እዩ - ናብ'ዚ ባህጊ'ዚ ንምብጻሕ ዝሕተት ደረጃ ብቕዓትን ምትሕብባርን ቀሊል ኣይኮነን። ብቑዳምነት ናይ ኩለን ሃገራት ሓባራዊ መረዳእታ፡ ኣመለኻኽታን ርድኢትን ይሓትት። ግዳማዊ ሕጽረ ድማ ኩብቅዕ የድሊ። ካብኡ ወጻኢ፡ ሰላምን ጸጥታን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ብዘላቕነት ከውሕስ ዝኽእል መተካእታን ሕርያን የለን ዝብል እዩ - ዘይቅዳር መርገጺ ኤርትራ!

---

ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ

# ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን - ዞባ ጋሽ-ባርካ

**ኣቶ ተኸስተ፡ ናብ እንስሳ ዘጉዶም ክገሎጹ . . ?**

ሕራይ፡ ኣብ'ዚ ዞባ ብዙሓት እንስሳ ዘገዳም - ብደረጃ ሃገር'ውን እንተኾነ፡ ፍሉይ ኢሉ ዝረአ ሓርማዝ ኣሎ። ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሃይኮታ፡ ጎገ፡ ላዕላይ ጋሽ ድማ እዩ ብብዝሒ ዝርከብ። እቲ ናይ ሓርማዝ ኮረደር እንብሎ፡ ምስ ሩባ ጋሽን ሰቲትን ዝተተሓሓዘ ስለዝኾነ፡ ኣብኡ ብዕስለታትን ብውልቂን ይነብር። ኣብ'ዚ ግና፡ ሓደ ዝረአ ጸገም ኣሎ። ንዓኡ ጥራይ ዝጥቀመሉ መስተዩ ማይ ስለዘይብሉ፡ ምስ ጓሶት ግርጭት ይስዕብ እዩ። ሕጂ ግና፡ ብሕቱውን ምቹእን መስተዩ ማይ ወይ መንበሪ ንምስራሕ ኣብ ምድላው ንርከብ። ስለ'ዚ ከኣ ናብ ዝሓሸ ኣንፈት ንምርሕ ኣሎና።

ቀደም ዝነበሩ ሕጂ ናብ ምጽናት ገጾም ዝኸዱ፡ ከም በዓል ዘራፍ፡ ሓርሽ . . .ነይሮም እዮም። ካልኦት እንስሳታት እውን ብብዝሖም ኩሎ ብዓይኑቶም ብርኽት ዝበሉ እንስሳ ዘገዳም ኣለዉና። ከም በዓል ነብሪ፡ ዓጋዜን፡ መፍለስ፡ ኣራብ (ዝተፈላለያ ዓሌተን)፡ ሰገን፡ ዝብኢ፡ ህበይ፡ ወማን፡ ፍሒራ፡ ውኻርያ፡ ማንቲለ . . . ብብዝሒ ኣለዉ። ኣዕዋፍ ኣዝዩን ብዙሓት ዓይነትን ዓሌትን ኣለዋ። ገለ ካብኦተን ንምጥቃስ - ዋግራ፡ ቆቛሕ፡ ኣቡጉምባሕ፡ ደርሆ ማይ፡ ብዙሓት ዓይነት ጨራሩ . . ።

ስመምቲ ከም በዓል፡ ገበል፡ ተመን፡ ጉብጪ፡ ኣሰለት፡ ዓንቀጭ፡ ጠበቕ፡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ደቀቕቲ ፍጥረት (ሓሰኻ) ስመምቲን በሪርቲን፡ ኣብ'ዚ ዞባ መሊኦም እዮም።

እምበኣር፡ ዝበረሱ ኣግራብና ናብ'ቲ ንቡር ህይወቶም ንምምላስ ናብ ትሰፍሖ ኣንፈት ነምርሕ ኣለና ክንብል እንኽእለና፡ ዝኾነ እንስሳታት እዚ ኣቶም'ውን ነውሕሶም ኣለና ማለት እዩ። ስለ'ዚ እንስሳ ዘጉዳም፡ ኣብ ድሓን




ኩነታት ኣለዉ ክበሃል ይከኣል። ብፍላይ ሓራምዝ ኣራብ፡ . . . እናበዝሓ ይኸዳ ኣለዋ። ብሓፈሻኡ፡ ኩላተን እንስሳ ዘገዳም፡ ኣብ ሓጺር መጻኢ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክበጽሓ ከምዝኽእላ ብሩህ ተስፋታት ኣሎ።

**ኣብ ጉዳይ ሃድንኽ እንታይ ትብሉ?**

ብዛዕባ ሃድን ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ስሑት ኣልካ ብውልቀ-ሰባት ክህሉ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻኡ ግና፡ ሃድን የሎን ኢልና እኳ ክንዛረብ እንተዘይ ከኣልና፡ እናጉደለ እዩ ዝኸይድ ዘሎ ምባል ግን ይካኣል እዩ። እዚ ማእቲ ካብ ማእቲ ከዉገዶ ከኣ ኩሉ-መዳያዊ ጻዕራታት ይግበር እዩ።

**ኣብ'ዚ ዞባ፡ ተጻዋእቲ ዝበዝሑ እንስሳ ዘጉዳም ኣለዉ ድዮም?**

- የ ለ ዉ ን ።

ብ ሓ ፈ ሻ ኡ

እንስሳ ዘጉዳም ተጻዋእቲ ኣይኮኑን። ከም'ቲ ውዒሉ ክሓድር ኢሉ ሓኸትክተ ዝብል፡ ንሳቶም ከኣ ከምኡ - ክኣበሩ ይጽዕሩን ካብን ናብን ይንቀሳቐሱን። እንስሳ ዘጉዳም፡ ኣብ'ቲ ንሳቶም ዝኣበሩሉን ዝንቀሳቐሱሉን ቦታ ከይደካ እንተተደኣ ንኪፍኣቶምን ተጻብእቶምን ንድሕኑቶም ክብሉ ግብረ-መልሲ ከምዝህቡ ክዘንግዕ የብሉን። ሕነ ዝፈድዩ እውን ኣለዉ። ዝዕቑብሉ ኣግራብን ሳዕርን እንተኣብርስካዮ ከኣ፡ ናብ'ቲ ንሰኻ እትነብረሉ ዘለኻ ቦታ እዮም ዝመጹ። ኣብ'ዚ እምበኣር፡ እቲ ባዕልኻ ዘምጻእካዮ ግጭት መሊሱ ይዓቢ።

ንኣብነት፡ ወማ ካብ ኣግራብ ፈረ-ምረ እናማኽረረ እዩ ዝምገብ፡ ኣብ ኣግራብ ከኣ ይነብር። ነዮም ዝምገለሎምን ዝኹበረሎምን ኣግራብ እንተኣብረሰኦሉ፣ ናብ ቤትካ እዩ ክመጽኣካ።




ሸው መግቢኻ ክበልዓልካ፡ ማይካ ክሰትየልካ፡ ንብረትካ ከሀንወልካ ግድነት እዩ። ተመን ኣብ'ቲ ሰፈሩ እንተዘይሲደካዮ፡ እዘይረገጽካዮ፡ ኮታ ብዘይ ዝኾነ ይኹን መኽንያት፡ ምጸእ ኢሉ ኣይነኽሰካን እዩ። ካልኦት እንስሳታት ዘጉዳም እውን ከምኡ'ዮም እዮም። ስለ'ዚ፡ ነቲ ጠንቂ ባዕልና እንተዘይ ኣምጺእናዮ፡ ንሳቶም ተጻዋእቲ ኣይኮኑን።

ብፍላይ ኣብ'ዚ ከበቢና ዝርከቡ እንስሳ ዘጉዳም፡ ከይረብሸናዮም ኣይርብሹን እዮም። ኣብ ልዕሊ ህይወትና ኮነ ንብረትና ጉድኣት ኣየውርዱን። ዝህቡና ረብሓ ዓቢ ብዙሕን ስለዝኾነ እምበኣር፡ ባህርያቶም ፈሊጥና ኣይንጸብኦምን፡ ንክንኽኖም። ዝምገብዎ መግቢ፡ ዝሰትይዎ ማይ፡ ዝዕቆብሉ ሰፈር ኣይነብላሽወሎም።

**ኣብ መወዳእታ፡ እተመሓላልፎ ለበዋ ወይ ርእይቶ እንተሎካ?**

እቲ ዝዓበየ ከሉ ተባሂሉ እዩ - ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ግን፡ ካብ ዝለዓለ ኣካል ክሳብ'ቲ ውልቀ-ሰብ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣለዎ። ከም'ቲ ዝተገልጸ ኩሉ ፍጡር ህላወኡ ኣብ ገረብ ዝተመርኮሰ ካብ ኮነ፡ ሕልፊ ዝኾነ እዋን ኣግራብ ንትከል ንክናኸን! እዚ ብልዑል ሃልኪ፡ ጉልበትን ገንዘብን ተዓልዩ ዘሎ ፈልሲ - ብናጻ እናወሰድና ዞና ናብ ፍጹም ሓምላይ ትርኢት ንቕይር እብል።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.08214595- 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጸ 1284

# ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘገዳምን - ዞባ ጋሽ-ባርካ

ኣማረ ወልደኣብ

እቲ ብስፋሓት ሕርሻዊ መሬቱ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስርዕ - ዞባ ጋሽ ባርካ፣ ብኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን እውን ሃብታም እዩ። እዚ ዞባ እዚ፣ ብዓይነቶምን ብብዝሖምን ብርክት ዝበሉ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፣ ኣብ'ቲ ሰፊሕ ከርሱ ሓቝፍዎም ኣሎ።

ዝ. ብዘምልከት፣ ምስ ወከል በዓል-መዚ ሃብቲ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዞባ ጋሽ ባርካ - ኣቶ ተኸስተ ክፍለማርያም፣ ቃለ-መጠይቕ ኣካይድና ኣሎና።

**ኣቶ ተኸስተ ብኣግራብዶ ክንጀምር?**

ሕራይ ግርም፣ ዞባ ጋሽ ባርካ ብኣግራብ ዝተዓብተመ ዞባ እዩ። ዝ. ጸጋዚ. ንምዕቃብን ንምህብታሙን ከኣ ብዙሕ ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን። ሓደ ካብኡ፣ ኣብ 1995 ዓ.ም መደብር ፈልሲ. ተመስሪቱ ፡ እዚ. ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝርከብ - ማእከላይ መደብር ፈልሲ. ዝበሃል፡ 2.5 ሄክታር ዝሸፍን ስፍሓት ኣለዎ። ክሳብ 2 ሚልዮን ፈልሲ. ኣግራብ ድማ ከፍልስ ይኽእል። ክሳብ ሕጂ፣ 1.5 ሚልዮን ፈልሲ. ተግቢሩ ኣሎ።

እዚ. ማለት፣ ክሳብ 1998 ዓ.ም ኣብ ዝበረ ግዜ ብዙሕ ይፈልስ ነይሩ፣ ብድሕሪኡ - እናነኸየ ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ'ዚ. ሕጂ እዋን ከኣ ብዕጽፊ ማያን ተዛዚዩ (እቲ ዒላታት ብውሕጅ ስለዝተዘብሸወ) ይሰርሓ የለዋን። እቲን ዘዮጉብ ማይ ሃልዩወን ግቡእ ኣገልግሎት ዝህባ ዘለዋ መደብራት ፈልሲ፡ ናይ ባረንቱ፣ ኣቑርደትን ዓዲ-ንእምንን እየን። እታ ኣብ ዓዲ-ንእምን ዘላ፣ እንተላይ ናይ ከቦ ኣግራብ ዘጣመረ ፈልሲታት እያ እተፍልስ። እዘን ኣብ መታሕት ዘለዋ ኸኣ - ናይ ቆላ ኣግራብ የፍልሳ።

ኣብ'ዘን መደብራት እዚኣተን ካብ ዝፈልሱ - እቶም 62% መብቆላውያን ኣግራብ እዮም። ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዘን መደብራት ፈልሲ፡ ነቶም ሓደጋ ምጽናት ዘጋጠሞም ዘሎ መብቆላውያን ኣግራብ ንምትካእ እዩ። በዚ. ኸኣ፣ ኣብ'ዚ. ዞባ ብውልቂን ብጉጅለን ዝካየዱ ንጥፈታት ምግራብ ንምሕያልን ንምትብባዕን ልዑል እጃም የበርክታ ኣለዋ።

ብፍላይ ኣብ ግዜ ክረምቲ፣ ብተመሳሳሊ ብዙሕ ፈልሲ. ኣግራብ ተተኺሉን ይትከል ኣሎን። ዝተፈላልየ ትካላት ናይ ብሕቲን መንግስቲን ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ-ጽሕፈቶምን ካልእ ቦታታትን እናተኸሉ፣ ንኽብበኦን ናብ ሓምላይ ትርኢት እናቐየሩዎ ይኸዱ ኣለዉ።

ኣብ'ዘን መደብራት እዚኣተን ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ብኣካል ንምዕዛብ፣ ተራ ሕብረተሰብ ንጥቀመሉ። ብዙሕ ናይ ጥዕና ረብሓ ከም ዘለዎ ድማ እዩ ዝግለጽ።

**ናይ ፍሩታ ኣግራብከ?**

ብዙሓት ኣለው። ለሚን፣ ኣራንሺ፣ ባናና፣ ዘይትሁን፣ ማንጎስ . . ።፡ ኣብ ጥዕናዊ መግቢ. ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎም ድማ ኩሉ ይፈልጦ እዩ።

ብሓፈሻኡ ካብ ኣግራብ እንረኽቦ ጥቕሚ እውን ዘይፈልጥ ህዝቢ. የብልናን። ኣብ ኣጠቓቕማኡ ዘሎ ደረጃ ንቕሓትን ኣፍልጦን ግን፣ ይፈላለ እዩ። ነቲ ዘለዎ ፍልጠት ክብ ንምባልን ብሳይንሳዊ መልክዕ ንኽሕዞን እዩ'ቲ ኣስተምህሮታትን ገስጋሳትን ዝወሃብን ዝካየድን ዘሎ።

**ካበ'ቲ ኣስተምህሮታትን ገስጋሳትን እትህብሎ ዘሎኻ እስኪ . .?**

ኩሉ ሰብ ጥቕሚ ገረብ ፈሊጡ ገረብ ክተክል፣ ክከናኸኖ ክሕሉ፣ ኣግራብ ብስኑ-ፍልጠት ክተሓዙ. . . ንምህር። ገረብ፣ ንሓደ ንሽዓእ ኣጉዳሲ. ኩይኑ ዝተራእየም ከውዕልዎ ኢሎም፣ ብዘይፍልጠት ምቕራጽ ከመግዱ፣ እዚ. ምስ ፈሊጡ እውን፣ ብዓጸፋ መተካእታ ክገብሩሉ ንመኽሮም።

ዝቖረጽን ዘይቁረጽን ገረብ ፈልዮም ክፈልጡ፣ ዝቖረጹሉ ወቕቲ ክሕልዉ፣ እቲ




ክብ እናበለ ይኸይድ ኣሎ። እቲ ቅድም ኣብ ወሰናት ዓይነት ኣግራብ ኣተኩርካ ዝግበር ዝበረ ኣሰራርሓ፣ ሎሚ ናብ ዝለዓለ ዓይነትን ብዝሒን ኣሲጋጊርናዮ ኣሎና። ብፍላይ እቶም ናብ ምጽናት ገጾም ዝኸዱ ዝበሩ መብቆላውያን ኣግራብ ምእንቲ ከሎውሕሶም ጸቒጥና ነፍልሶን ንተክልን ከም ዘሎና፣ ኩሉ ዝዕዘቦ ዘሎ እዩ። እዚኣቶም ከኣ፣ ተተኺሎም - ዓብዮም፣ ፍረ ኣብ ምሃብ በጺሖም ይርከቡ።

ኣብ'ዚ. ዘለዉና፣ ከባቢ. 30 ዓይነት ኣግራብ ኩይኖም፣ ናይ ውሽጢ. ሃገርናን ናይ ወጻኢ. ሃገርን የጠቓልሉ። እቶም ናይ ውሽጢ. ሃገር፣ መብቆላውያን ብምዃኖም ሕልፊ እቶም ናይ ደገ፣ ካብ ኩሉ ሕጽረታት፣ ብፍላይ ኣብ'ቲ ማይ ኮየ ተተኺሎም ክጸድቁን ተጻብኦታት ክጻወሩን ዝኽእሉ እዮም። እዚ. ዝኾነሉ መኽንያት፣ ደቂ ቦታ ስለዝኾኑ እዩ። እቶም ናይ ደገ፣ ናይ ምጽዋር ብቕዓቶም ትሑት ዝበለ ስለዝኾኑ፣ ኣብ'ቲ ንዓኣቶም ዝሰማማዕ ቦታ ንተኽሎም። እቶም ካብ ወጻኢ. ሃገር ዘምጻእናዮም ኣግራብ፣ ዝያዳ ንመልክዕ/ግርማ ኢና እንጥቀመሎም።

ብሓፈሻኡ ኣብ'ዚ. ዞባ፣ ሸሞንተ መደብራት ፈልሲ. ኣለዋና። ኣብ ባረንቱ፣ ኣቑርደት፣ ዓዲ-ንእምን፣ ሻምብቆ፣ ተሰነይ፣ መንሱራ፣ ተኾምብያን ኦምሓጀርን። ዝበዝሓ ካብዚኣተን ግን፣ ምንጪ. ኣብ ምትካል ኣግራብ ንምዕባይን እውን ወከልቲ መንግስታውያንን ሃይማኖታውያንን ትካላት፣ ውልቀሰባት፣ መርዓውቲ . . . ኣብ'ቲ ቦታ እናበጽሑ ከም ዝዕዘብዎ ንገብር ኢና።

**ዓይነት ኣግራብ ናይ'ዚ. ዞባ ብዝርዝር ክትነግረና ትኽእልዶ?**

ብዙሓት እዮም። ጻዕዳ ቀንጠበ፣ ዓርኮብ-ኮባይ፣ ሓመር፣ መቐር፣ ጎኖቕ፣ ዒዩ፣ ድማ፣ መቖፅ፣ ኣርማዝ፣ ጠንቀሎ፣ ዘቢ፣ ሳግላ፣ ዳዕሮ፣ ኣውሊዕ፣ ጽሕዲ፣ ሰራው፣ ዓላ/ጨዓ፣ ታህሰስ፣ ወይባ፣ ጋባ፣ ከርመድ፣ ክሊዓው፣ ዓጋም፣ ዐብላ፣ ገረድ፣ ነም፣ ሃምበሃምባ፣ መበጥዕ፣ ብሰና፣ ዳረሊ፣ መሰቖ፣ ነም፣ ዳጉዳ፣ ኣውሒ፣ ሞሞና፣ ታምቡኽ፣ ኣውሒ፣ ሓንሱ፣ ኣርጉዲ፣ ሞሪንጋ፣ ተምሪመሳ . . . ክኾኑ እንከለዉ። ከም፣ ሐሉት፣ ጊንዳ፣ ታህቡብ፣ ኣላኺት፣ ጉምሪት፣ ጸለም ቀንጠበ፣ ሓረግ . . . ዝኣመሰሉ ቆጥቋጦ ኸኣ ብብዝሒ. ኣለዉና።

እዚ. ኣብ ቅድሚት ጠቒሰዮ ዘለኹ 'ጻዕዳ ቀንጠበ' ዝበሃል ገረብ ንብዙሕ መዓላታት እዩ ዝውዕል። ንመስርሒ. ቬትሮ፣ ዕንዲዳ፣ ንዝተፈላለዩ ዓይነት መድሃኒት ይጠቅም። ሞሪንጋ ከኣ ሓደ ካብ'ቶም ካብ ደገ ዘምጻእናዮም ኣግራብ ኩይኑ፣ ንመግቢ. ሰብ ከም ሓምሊ፣ ዘይቲ ብልዒ. ክሕሉብ ይኽእል፣ ከም ሻሂ (ቀጠፍ) ገደርና እውን ረብሓ ኣበይ ይዛይድ - እንተተቐርጸርዶ እንተዘይተቐርጸ? ብቐረባ ንዝምልከቶ ኣካል ከይሓበሩ ክቖርጹ ከምዘይብሎም . . .ዝኣመሰለ፣ ኣስተምህሮታትን ገስጋሳትን ንህብ። ነዚ. ዘማልኡ ብቑዓት ክኢላታት (ምሁራት) ኣለዉና።

እዚ. መደብራት ፈልሲ፣ ነቲ ኣስተምህሮታት ደርዒ ንምውሳኽ ዝዓለመ ምኻኑ እውን ምግንዛብ የድሊ። ህዝቢ. ዋላ ብብውልቁ፣ ካብ'ዚ. መደብራት ፈልሲ. ብዘይክፍሊት እናወሰደ ክተክል ነተባብዕ። ነዚ. ዝሰምዑ ጎረባብቲ ይኹኑ ዝረኣዩ ሰባት ከኣ በዚ. ቅዱስ ቅንኢ. ሓዲሮም ፈልሲ. ገረብ ወሲዶም ክተኽሉ ይመጽኡና እዮም። ኣብ




ርእሰኦ፣ ብዙሓት ጸለውቲ ዝበሃሉ ሰባት፣ ኢጋይሽ፣ መርዓውቲ . . . ኣብ'ዚ. መደብር ፈልሲ. ንኽመጽኡ ገስጋሶት ነካይድ።



ኣቶ ተኸስተ ክፍለማርያም

ኣብ'ቲ መደብር ፈልሲ. ኳይንና ከኣ ሓጺር ኣስተምህሮ ንህቦም። ብስሞም ወይ ብስም ደስ ዝበሎም ሰብ ይኹን ትካል፣ ኣብ'ዚ. ንሶምኣቶም ዝበሉ ዝኸውን ሕዙእ ቦታ ስለዘሎ - ፈልሲ. ክተኽሉ ከም ዘለዎም ንገብር።

ፈልሲ. እናተኸሉ ንስእሎም፣ ብጽሑፍ ኣሰኒና ከኣ ንሰንዶም። ፈልሲ. ሒዞም ክኸዱ እውን ነተባብዖም። እዚ. ኣገባብ ኣሰራርሓ እዚ፣ ውጽኢታዊ ምዃኑ ብግብሪ ተረጋጊጹ እዩ።

**ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ ኣብ'ዚ. ሕጂ እዋን - ብዝሰባ ህላወ ኣግራብ ብኣወንታ ድዩ ወይስ ብኣሉታ ዝግለጽ?**

ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ 'መሶብ ኤርትራ' እዩ ዝበሃል - ሓቂ ድማ እዩ'ዚ። ብኣግራብ እውን ካብ'ቶም ካልኦት ዞባታት ዝሓሸ እዩ ዝብል ርድኢት እዩ ዘሎና። እዞም ኣግራብ እዚኣቶም፣ ኣብ ገለ እዋን ብዝተፈላለየ መኽንያት፣ ጸገማት ክወርዶም ጸኒሑ እዩ። ማለት ብደርቂ፣ ብምብቃዕ መተካእታ ብዘይምግባር . . . ሃሰያ ከም ዝወረዶም ዝኩሓድ ኣይኮነን።

ዝ. ንምፍዋስ እዩ ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ብዙሕ ጻዕርታት ዝግበር ዘሎ። ሓለዋ ምጥንኻር፣ ዛላታት፣ ከትረታት. . . ምግባር፣ ፈልሲ. እናኣፍለስካ፣ ቀላጥ ቦታታት ገረብ ከምዝትከሉ ምግባር፣ ተተኺሎም ዝጸድቅሉን ዝዕብዩሉን መንገዲ. ምጥጣሕ፣ ደረጃ ንቕሓት ህዝቢ. ክብ ምባል፣ ብርሰት ኣግራብ ንምቁጽጻር ዝወጽኡ ሕጋጋት ከምዝኸበሩ ምግባር . . . ዝኣመሰሉ ስጉምታት ተወሲዶምን ይውሰዱ ኣለዉን። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ናብ ኣወንታ ገጹ ይኸይድ ኣሎ እብል። ንባዕሉ ናይ ሎሚ ዓመት ክረምቲ'ውን ተሰፉ ዝህብ እዩ።

እዚ. ተታሐዚ ዘሎ ሰፊሕ ወፍሪ ምግራብ፣ ብናህሪ ንኽሰጉም ከኣ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ፣ ማሕበራትን ሕብረተሰብን - ሕልፊ ካልእ እዋን ሕጂ ክሰርሕሉ በዚ. ኢጋጥሚ ኣዘኻኽር።

**ነቶም ብፍትውን ብዘይንሕስያን ገረብ ዝበትኩ ውልቀሰባት፣ ነቲ በደል ዝመጣጠን መቕጻዕቲዶ ይወሃብ?**

-ዝ. ንምግታእ ዝጸደቐ ሕጊ ኣሎ። ብፍሉይ ዝተመዛዘኑ ሓለዋ ኣግራብ እውን ኣለወ። ዝ. ሕጊ. እዚ. ዝጥሕስ ከኣ፣ መቕጻዕቲ ይወሰዶሉ እዩ። ስለምንታይ ገረብ ቀሪጽካ፣ ፈሪሕም ኣፍሒምካ? ተባሂሉ ምቕጻዕ ግን፣ ኣኻሊ. ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸ ኣተኣራርማ - ኣረዳእካ፣ ገሰጉሰካ . . . ደረጃ ንቕሓቱ ክብ ምባል እዩ እቲ ዝሓሸ።

ስለዝኾነ፣ ኣብ መቕጻዕቲ ኣይኮነንን ንኣምን። ገረብ ዝያዳ ኩሉ ናቶምን ንዓኣቶምን ምዃኑ ከለኣምን ብኸመይ ክጥቀምሉ ከምዝግባእ ክረድኡዎ ኢና እንጽዕር። ካብኡ ዝሓለፈ. ኸኣ፣ ገረብ ንኸይትቑረጽ ሓለዋና ከጠናኽር ንመርጽ። ልዕሊ. ኩሉ፣ ህዝቢ. ህላወኡ ኣብ ገረብ ዝተመርኩሰ ስለዝኾነ፣ ባዕሉ ገረቡ ክሕሉን ክከናኸንን ይግባእ። ሓደ ውልቀሰብ ገረብ ክበትኽ እዩ፣ ኢሉ ክሓስብ እንከሎ፣ ኣቐዲሙ ንሕልናኡ ክሓትታ ኣለዎ። ሽዑ ንህይወቱ ባዕሉ ይበትኻ ምህላዉ. ክሰወጦ እዩ።

ገረብ የለን ኩሉ ፍጡር የለን! ኩሎም ፍጡራት ኣብ ገረብ ይዕቆቡ፣ ካብ ገረብ ይምገቡ። ዝተፈላለዩ ማዕድናትን ሓመድን ብውሕጅን ንፋስን ተባሕጒጎም ከይከዱ ገረብ ይከላኸሉሎም። ጽሩይ ኣየር ከምእንስተንፍስ ይገብር፣ ካብ ሓደገኛ ናይ ጽሓይ ጸርሪ. ይከላኸሉልና። ሰብ ይኹን እንስሳ እንተሓሚሞም፣ መድሃኒት ካብ ገረብ እዩ ዝዳለወሉ። ዝበዝሐ ዓይነት መሳርሒ. ካብ ገረብ እዩ ዝስራሕ . . ።፡ ማይ ህይወት እዩ! ክበሃል እንከሎ፣ ገረብ እዩ ንማይ ዘምጽኦ። ገረብ ኣሎ ኩሉ ኣሎ፣ ገረብ የለን ኩሉ የለን። በቃ! ህዝቢ. ነዚ. ብዕምቈት ክስተብህሎ ኣለዎ።

**ህዝቢ፣ እዘን ዝተጠቕሳ መደብራት ፈልሲ. ከይርሕቃኦ - እንታይ ፍታሕ ክትገብሩ ትፍትኑ?**

-ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ፣ ጨንፈር ሕርሻ ኣሎ። ዝኾነ ሰብ ናብኡ ከይዱ ምሉእ ሓበሬታ ክወስድ ይኽእል እዩ። መንግስቲ ድማ፣ ብመኪናኡ ገይሩ ፈልሲታት ናብኣተን የብጽሕ እዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ ግን፣ ብዙሕ'ኳ ዘርብ እንተዘይኮነ፣ ናይ መጓዓዝያ ነገር ሕጽር ይብለና እዩ።

ህዝቢ. ኸኣ ኣብ ከም'ዚ. ጉዳይ ክተባብዕ ኣለዎ። ገረብ ወሲዱ ተኺሉ ከዐቢ. ይረአ እኳ እንተኾነ፣ ከም'ቲ ዝድለ ኣይኮነን። ዝበረስ ገረብ ኣብ ምትካእ፣ ዓጸፋ ክሰጉም እዩ ትጽቢት ዝግበረሉ። ሽዑ እዩ ዝጉደለ ነገር ንኽትካእ ዝምሕረልና።

ናብ ገጽ 2 ይቕጽል

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ዕድለይ ድዩ?



ደዋሊ፤ ሄሎው ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ሓቀይ?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኻ፡ መን ክብል?

ደዋሊ፤ ፍሊጶስ እበሃል።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ፍሊጶስ፡ እንታይ ክሰምዓካ?

ደዋሊ፤ ኣነ ምስ ኤችኣይቪ ዝነብር ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሓደ ውሉድን'የ። ብኸነታትና ተላሊና ሓዳር ገይርና፣ ድሮ'ኳ ወድና ትሽዓተ ዓመት በጺሑ። ሳላ ጽዑቕ ሓገዝ ሕክምና ወድና ካብዚ ሕማምና ነጻ'ዩ። እዚ ቈልዓ ንዓይ ፈለማይ'ዩ። ብዓልቲቤተይ ግን ካብ ሒማኣ እትውለድ ኣኽልቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር እትነብር ጓል ኣላታ። እዚ ቈልዓ ከምዚ ሃንደበት ሕድግ ኣቢልናዮ ንኸይድ ኮይኑ ስለ ዝሰምዓኒ ከም እንቋቑሖ ኢና ንከናኸኖ። ሕጂ ግና፡ ባህርያቱ ኣዝዩ ኣሸጊሩና። ልዕሊ ዓቕምና ኮይኑ ይርከብ። ምስ መዛንኡ ኣይጻወትን እንተቐረቦም'ውን ሓደገኛ፡ ሕርቃኑ ዘይቆጻጸር፡ ብዝሓዞ ዝተሃራረም፡ ከም ድሙ፡ ከልቢ ዝኣመሰሉ እንስሳታት እንተርእዩ ከይፈርሐ የጋፍዖም። "እምበርዶ ናይ ሰብ ኣለዎ ትብሎ! ናተይ ከይኣክልሲ እንታይ ዕድሉ'ዩ!" እናበልኩ ኣማርር ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ፍሊጶስ፡ ከም እንቋቑሖ ኢና እንከናኸኖ ክትብል እንከለኻ እንታይ ማለትካ'ዩ? ምስ ኩነታት ጥዕናኹምከ ብኸመይ'ዩ ዝተኣሳሰር?

ደዋሊ፤ ብሰንኪ ኩነታትና ነዚ ቈልዓ ብኹሉ ነገርና ክንሓልፈሉ ኢና እንፍትን። ብፍላይ ኣነ ኣዝየ'የ ዘሐንቅቖ። ኣብ መግቡ፡ ክዳኑ፡ ትምህርቱ፡ ክጎድሎ ኣይደልን። ብኣካዳሚያዊ ዓቕሙ ብዙሕ ስለ ዘየሐጉሰኒ፡ ኩሉ ዝተማህሮ ክደግመሉ ዳርጋ ምስኡ'የ ዝመሃር እንተበልኩኻ ኣየጋንንኩን። ብፍላይ ኣብ ግዜ መርመራ ኩሉ ዝተማህሮ ከም ካሴት መሊኣ'የ ዘፋንዎ። ካብ ገዛ ንቤት ትምህርቱ ድማ ባዕለይ'የ ዘመላልሶ። ነዚ ብመብጽዓን ክንደይ ሕክምናዊ ሓገዝን ዝረኸብናዮ ውላድ ከይዕንቀፍ'ዩ ጻዕርና።

ኣማኻሪ፤ ከም ወላዲ ጽቡቕ ናይ ውላድካ ምድላይን ምምናይን ባህርያውን ዘይጽላእን'ኳ እንተኾነ፡ ትጽቢትን ክውንነትን ግን በበይኑ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ኩነታትኩም ተቐቢልኩም ብዝረኸብኩሞ ዕድል ካብ ኤችኣይቪ ቫይረስ ነጻ ዝኾነ ቈልዓ ክትወልዱ በቒዕኩም። ስለዚ ኣብ ልዕሊ ውላድካ ሓልዮት ምርኣይ ናይ ውሉድን ወላድን ስምዒታዊ ምትእስሳር ደኣ'ምበር ብኾነታትኩም ዝፍጠርን ዝጽሎን ስምዒት ክኸውን ኣይግባእን። እምበኣር ውላድካ ብስምዒትካ ክትኣልዮ ምፍታን ንባዕልኻ ግዳይ ስምዒታትካ ኣብ ርእሲ ምዃንካ፡ ንውልድካ'ውን ጽግዕተኛ ስምዒታዊ ተግባርካ ንክኸውን ዝቐስብ'ዩ። ሎሚ ካብ ገዛ ንቤት ትምህርቲ ተመላልሶ ኣለኻ። ጽባሕ ካባኻ ተፈልዩ ተመሃራይ ኮለጅ ምስ ዝኸውን እንታይ ክትገብረሉ ከም ትኽእል ግምት ኣለካዶ?

ደዋሊ፤ ሓቂ ይሓይሽ፡ ቤት ትምህርቱ ቀረባ'ዩ። ባዕሉ ክመላለስ'ውን ኣይምጸገሞን። እንተኾነ ግን፡ ስክፍታይ ከባቢና ብዙሕ ሰብ ዝነብሮ ሰፈር ስለዝኾነ ሕማቕ ባህሪ ከይመሃር ስለ ዝፈራሕኩ'የ።

ኣማኻሪ፤ ካብቲ ሕማቕ ኢልካ ትሓስቦ ወይ ከባቢኡ ጽቡቕ ዝምሃረሉ ተኽእሎ ዘየለ ድዩ ኮይኑ?

ደዋሊ፤ ኣብ ከባቢና ዘለዉ ቈልዑ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ደገ ክጻወቱ ዝውዕሉ፡ ዘረብኦም'ውን ዘይብርሃካ'ዩ። ምስዚኦም ቀሪቡ እንታይ ጽቡቕ ክምሃር ኢልካዮ።

ኣማኻሪ፤ ዝኾነ ከባቢ ናቱ እወታውን ኣሉታውን ጎኒ ከም ዘለዎ ርዱእ'ዩ። ስለዚ ከባቢኹም ብዝሒ ህዝቢ ዝሰፍሮ ብምዃኑ ጥራይ ብሉጽ ነገር የብሉን ክበሃል ዘድፍር ኣይኮነን። ብውሑዱ ብዝሒ ቈልዑ ክርከቡ ስለ ዝኽእሉ ምስ መዛንኡ ክጻወትን ክዋሳእን ርሒብ ዕድል ክረክብ ይኽእል። እዚ ድማ ንማሕበራዊ ምዕባሊኡ ወሳንን ዘይንዓቕ ተራ ዘለዎን እዩ። ምኽንያቱ ቈልዓ ምስ መዘንኡ ምስ ዝዋሳእ'ዩ ዝያዳ ዝምዕብል። ብዓብይኡ ድማ እዞም ትሰግኦም ዘለኻ ቈልዑ፡ ኣብ ትምህርቲ ምስ ወድኻ እዮም ዝውዕሉ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ስግኣትካ ምሉእ ብምሉእ ነጻ ክትከውን ዝከኣል ኣይኮነን። ብዙሕ እዋን ቈልዓ ምስ ዓበይቲ ጥራይ ግዜኦም ምስ ዘጠፍኡ፡ ቍልዕነቶም ስለ ዝርስዕዎ፡ እቶም ዓበይቲ ብዝብልዎም ጥራሕ ስለዝኸዱ፡ ዓቕሞም ከንጸባርቑ ዕድል ኣይረኽቡን'ዮም። ቈልዓ ምስ ቈልዑ ክህልዎ ዝግባእ ግዜ ወሳኒ ስለ ዝኾነ፡ ዋጋ ክኽፈሎ ዝግባእ ጉዳይ'ዩ።

ደዋሊ፤ ጽቡቕ ኣለኻ፡ እዚ ቈልዓ ባህርያቱ ስጊንጢር ስለ ዝኾነ፡ ካልእ ጸገም ከይፈጥረልና'ውን ስግኣት ኣለና። ምኽንያቱ ኣዝዩ ሓራቕ፡ ልኢኽካዮ ዘይሰምዕ ወይ ዘጽቅጥ፡ ሽለልትነት ዝበዝሖ'ዩ። ሕርቃኑ ዘይቆጻጸር ብዝሓዞ ዝጓነጽ'ዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ሓዳግ ኣይኮነን።

ኣማኻሪ፤ እዚ እትብሎ ዘለኻ ባህርያቱ ዝፈጠረሉ ጽልዋ ኣሎዶ ትብል?

ደዋሊ፤ መምህራኑ ብጠባዩን ትምህርቱን ሓሚቖ ብምባል ቀጻሊ'ዮም ዝጽውዑኒ።

ኣማኻሪ፤ ሓበሬታ'ኻ ምርኩስ ብምግባር፡ ውላድኩም ብዝግበረሉ ጽዑቕ ክንክንን ካልእን ባህርያቱ ሓደ ካብ ዘይንቡር ባህሪ ቈልዑ ስለ ዝመሳሰል፡ ብሓገዝ ክኢላታት ጥዕና ኣእምሮን ስነ-ልቦናን ምንጻሩን ምምእዛኑን ዝተመርጸ'ዩ።

ደዋሊ፤ እንታይ ትብል ወደይ! ንሕና ዘይረኸብናዮ ክረክብ ኢልና ዘሐንቀቕናዮስ ንጸገም። እሞ እንታይ ክገብሮ ኣለኒ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ብባህርያት ውላድካ ስለ ዝተጸገመካ ኢኻ ደዊልካ። ባህርያት ውላድካን ኣመታቱን ናይ ክኢላ ደገፍን ኣድህቦን ዝሓትት ኣገዳሲ ዛዕባ ዓውዲ ጥዕና ኣእምሮ'ዩ። ባህርያት ውላድካ ንምምሕያሽ ግን ኩሉ ግዜ ምስ ዘጋጠመካ መልከፍቲ ናይ ኤችኣይቪ ብምትእስሳር ካብ ምስትምሳል ክትቁጠብ የድሊ። ከምቲ ሓንቲ ዘርኢ እትህበካ ፍረ ኣብ እትረኽቦ ክንክንን ትሕዝቶ ማይ፡ ጸሓይ፡ ማዕድንን ዝምርኮስ፡ ቈልዓ ዘማዕብሎ ባህሪ ድማ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ጻዕርን ምስትውዓልን ኣለይቱ'ዩ ዝምርኮስ። ውላድኩም ድማ ብሰንኪ ኣብ ጸገምኩም ዘለኩም መረዳእታ፡ ምሕንቃቕ ብዝበል ኣምር ክትሓልፍሉ ጥራይ ምድላይ ርእሰ ተኣማንነቱ ብምጥፋእ ጽግዕተኛነት ንኸማዕብል ዘድርኽ ኣገባብ'ዩ። እዚ ድማ ስምዒታዊ ብምግባር ንዘተፈላለዩ ተጠቃምነት ኣወለፍቲ ቀመማትን ባህርን ንኸማዕብል ዘድርኽ'ዩ። ስለዝኾነ፡ ክንዲ ትሓልፍሉ ከተማእዝንዎ ኣገዳሲ ይኸውን። ከምቲ ንኸልቢ ዓጺኻ ንኣላዩኡ ጥራይ ከም ዝፈልጥ ብምግባር ብርቱዕ ተናኻሲ እትገብሮ፡ ውሉድካ ድማ ከባቢኡ ከም ዘይፈልጥ እንተገይርካዮ፡ ሓያል ድኻም ምምዕባል ማሕበራዊ ዝምድና ክህልዎ ምግባር'ዩ። እዚ ክብል እንከለኹ ግን፡ ውላድካ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ክሃልል ኣለዎ ማለተይ ኣይኮነን። ሓላፍነትካ ካብ ንስኻ ንሱ ክትከውን ትፍትን ንሱ ባዕሉ ንክኸውን ኣማእዛኒ ተራኻ ኣገዳሲ'ዩ። ዘለኩም ስግኣት "ሕልሚ ፈሪሕካ ከይደቀስካ ምሕዳር" ከይከውን ነገራቱ ንምፍዋሱ ዕቱብን ንቑሕን መፍትሒ ዝጠልብ ጉዳይ'ዩ። ምኽንያቱ ሽግር ምፍትሑ'ምበር ምልማዱ ቅኑዕ ኣይከውንን። እዚ ሓላፍነት በይንኻ ክትዋጽኦ ክኣል ኣይትኽኣል ተራ መጻምድቲ ብቐሊል ዘይርአ ስለዝኾነ ብዓልቲቤትካ ኣብዚ ጉዳይ እንታይ'ዩ መረዳእትኣ?

ደዋሊ፤ ኣይ ናታ እንድዩ ዝኸፍኣ ደኣ። እቲ ጸገም ደኣ ኣብኣ እንድዩ ዘሎ። ዋላ'ኳ ከምዚ ናትካ ኣይኹን'ምበር፡ ብዙሕ'የ ከረድኣ ዝፍትን። ጓላ ዝሰደደትላ ገንዘብ ገይራ'ያ ጸዩቓቶ፡ ዝበላ እናገዝኣት ቀበጥበጥ ኣቢላቶ። ግደፊ እንተበልክዋ፡ "መዓስ ብደሞዝካ ኮይኑ ዝዓቢ ዘሎ። ሳላ ጓለይ እንታይ ስኢኑ'ዩ ድሌቱ ዘይገብረሉ" ብምባል'ያ ትጃሃረለይ። በዚ ምኽንያት ብሓደ ክንሰጉም ኣይከኣልናን።

ኣማኻሪ፤ እንታይ'ዩ ብሓደ ከሰጉመኩም ዘየኽእለኩም ዘሎ?

ደዋሊ፤ ሰበይቲ ገንዘብ እንተረኺባ መዓስ ትከኣል ኮይና። ጓላ ገንዘብ ስለ እትውትፈላ ንዓይ ዋጋ ኣይትህበንን'ያ። ኣነ ድማ ዝተዛረብኩ እንተተዛረብኩ እንታይ ገባራይ ኴንካ ኢኻ እናበለት ተቋሸሽኒ። ነዚ እንኮ ውላደይ ብዘይ ኣቦ ኣደ ከይዓቢ ኢለ'የ እምበር፡ ንሽሙ ኢና ኣብ ሓዳር ዘለና፡ ፍትሕ ምሓሸኒ።

ኣማኻሪ፤ ቀዳማይ ጸገም ኣተኣላልያ ዘይተደልየ ባህሪ ቈልዑ፡ ኣለይቱ ፍልልያቶም ብምጽባብ ሓደ መረዳእታ እንተዘይብሎም፡ ሕማቕን ጽቡቕን ባህርያት ፈልዩ ክፈልጥ ስለ ዝጽገም፡ ዝድለ ባህሪ ከማዕብል ኣይክእልን እዩ። ሕጂ ውላድካ ብዘይ ኣቦ ክዓቢ ዘይትደልዮ ዘለኻ፡ ብመሰረት እምንቶኻ ኩሉ ሓዲግካ ኣቦ ክትኮኖ ሓላፍነትካ'ዩ።

ደዋሊ፤ ሓቅኻ'ዚ ሓወይ። ኣነ ብዘይክኡ መንዶ ኣለኒ'ዩ! ብዝሃብኒ ሓሳባት ተመሪሐ ሓላፍነተይ ክዋጻእ ክፍትን እየ። ንዓኻ ድማ ኣዝየ'የ ዘመስግነካ። የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ! ሰሰናዩ ድማ እምነየልካ።

# ካብ ሕክያታት ሙላ ነስረዲን

ሱራፌል ተ.

"ንግሆ ንግሆ ደንጒኻ ምምጻእከ እንታይ ማለት'ዩ ሙላ?" ክብል ሓተተ ኣሰራሒ ናይቲ ሙላ ነስረዲን ዝሰርሓሉ ዝነበረ ትካል።

ሙላ ኸኣ "እቲ ጸገም ናተይ ኣይኮነን ዓሚ፡" ድሕሪ ምባል፡ "ኣብዚ ኦፊስ ሰዓት ንኽይርኢ ዓሊምካኒ ኢኻ። በዚ ተሰቢሉኒ ዋላ ኣብ ገዛ ሰዓት ናይ ዘይምርኣይ ልምዲ ኣጥርየ፡" ክብል መለሰ።

***

ሙላ ነስረዲን ናብ ናይ ስራሕ ሓላፊኡ ቀረበ'ሞ እቲ ሓላፊ፡ "ስማዕ ሙላ፡ 'ናይ ሓሙሽተ ዓመት ተመኩሮ ኣሎኒ፡' ኢልካና ክተብቅዕ ቅንጣብ ተመኩሮ ከም ዘይብልካ ፈሊጥና፣ ምስ ምንታይ ይጽብጸብ እዚ?" ክብል ሓተቶ። ሙላ ኸኣ ከምዚ ክብል መለሰ፤

"እወ፣ ኣብ ምውዕዋዕኩም 'ብዓል ሕልሚ ሰብ' ከም ትደልዩዶ ኣይነገርኩምን?"

***

ኣብ ሓደ ዲጋ ስራሕ ንምቍጻር ናይ ጽሑፍ ፈተና ዝገብሩ ደለይቲ ስራሕ ነበሩ። ቀዳመይቲ ሕቶ "ሃይድሮ-ዳይ-ናሚክስ እንታይ ማለት'ዩ?" ትብል ነበረት። ሓደ ካብቶም ተፈተንቲ ደለይቲ ስራሕ ከኣ ሙላ ነስረዲን ነበረ። "እዚ ማለት ስራሕ ኣይረክብን'የ ማለት'ዩ፡" ክብል መለሰ ሙላ።

***

ሙላ ነስረዲን ድሕሪ ናይ ሓደ ሰሙን ስራሕ ይስጕጕ ነበረ። እቲ ሓላፊኡ ኸኣ ናይ መፋነዊ (መስጐጒ) ወረቐት ክጽሕፈሉ ከሎ፡ በቲ ክሕሱዎ ኣይደለየን በቲ ሓደ ኸኣ ንሙላ ዝጎድእ ክጽሕፍ ኣይደለየን። ሽዑ ከምዚ ክብል ድማ ጸሓፈ፡ "ናብ ዝምልከቶ፡ ሙላ ነስረዲን ምሳና ሓደ ሰሙን ሰሪሑ፣ ዓጊብና ድማ።"

***

ሙላ ነስረዲን ኣብ ታክሲ እናኸደ ብኣዛዋውራ እቲ መራሕ ታክሲ ተረበሸ። እቲ ብዓል ታክሲ ኣብ ኣንጎሎታት ይሕምበብ ነበረ።

"ኣንጎሎ ክጥወ እንከለኹ እንታይ ከም ዝገብር እንተ ዝነግረካ ከምኡዶ ምገበርካ?" ክብል ሓተተ ሙላ።

"እንታይ ዲኻ ትገብር?" ሓተተ ብዓል ታክሲ።

"ኣዒንተይ እዕምቶ፡" መለሰ ሙላ።

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ዓንደመስቀል በርሀ

## ሕማም ኣናሶ (ዕጜ ላም) (Foot and Mouth Disease)




ወ/ት ዮሃና ብርሃን

ሕማም ኣናሶ (ዕጜ ላም) ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ተላባዕቲ ሕማማት እንስሳ እዩ። እዚ ሕማም ብቫይረስ ዝኽሰት ኰይኑ ካብ እንስሳ ናብ እንስሳ ብዝለዓለ ዝመሓላለፍ ሕማም'ውን እዩ። እቶም ቀንዲ ግዳያት እዚ ሕማም ዝኾኑ እንስሳታት ብኽፋት ሸኾና ዝፍለጡ ኰይኖም፣ እንስሳታት ከምኒ ከብቲ፡ ጠሌ-በጊዕ፡ ገመል፡ ሓሰማን ዓጋዜንን ከኣ ኣብዚ ምድብ ይጠቓለሉ። ዝያዳ በዚ ሕማም ዝጉድኡ'ውን እዮም። ንሎሚ ኣብ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ጥዕና እንስሳ መንእሰይ ዮሃና ብርሃን ነዚ ሕማም ኣመልኪታ መብርሂ ክትህበና ተወኪስናያ ኣለና።

### * ብዓለም ደረጃ ዝርግሐ ሕማም ኣናሶ ከመይ ይመስል?

ሕማም ኣናሶ፡ ብጀካ ኣብ ውሑዳት ሃገራት ከምኒ ኒውዝላንድ፡ ኣይስላንድ፡ ማእከላይን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ኣውስትራልያ፡ ካናዳ ከምኡ'ውን ዝበዝሓ ሃገራት ኤውሮጳ ካብ ተመሓላላፊ ሕማም ኣናሶ ናጻ ዝኾና ኣብ ምሉእ ዓለም ዘስፋሕፍሐ ዘሎ ሕማም እዩ። ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኢስያን ላቲን ኣመሪካን ግን ነቲ ሕማም ንምቁጽጻርን ናጻ ንምኳንን ጻዕርታት የካይዳ ደኣ'ምበር ካብቲ ሕማም ዛጊት ናጻ ኣይተባህላን ዘለዋ። ኣብ ሃገርና ኤርትራውን ሕማም ኣናሶ ካብ ዝርአ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺሩ ይርከብ።

### * ጠንቅታት ሕማም ኣናሶ እንታይ ይመስሉ?



ሕማም ኣናሶ ብኣፍቶ ቫይረስ ዝበሃል ዓይነት ታህዋስ ዝኽሰት ሕማም እዩ። ንሕማም ኣናሶ ዘስዕቡ ዓይነታት ቫይረስ ሸውዓተ እዮም። እዞም ታህዋስያን እዚኣቶም ኣብ ምራቕ እስትንፋስ፡ ጸባን፡ ኣብ ዘርኢ ፈሳሲ ተባዕታይ፡ ካብ ኣፍንጫ ዝወጽእ ጸረርታ፡ ቁስሊ እግሪን ጫፍ ጡብን ይርከቡ። ኣብ ሃገርና ካብቶም በብእዋኑ ዝረኣዩ ዓይነት ቫይረስ A ፡ O ፡ SAT 2 ዝብሃሉ እዮም።

### * ሕማም ኣናሶ ብኸመይ ይመሓላለፍ?

ሕማም ኣናሶ ካብ ሓደ እንስሳ ናብ ካልእ ብምስትንፋስ፡ ብቐጥታ ሓድሕዳዊ ብምትንኻፍ ክመሓላለፍ ይኽእል። እቲ ቫይረስ ኣብ መመገቢ፡ መደቀሲ፡ መስተዪ ናይ ዝሓመማ እንስሳ ስለዝጸንሕ፡ ናብ ጥዑያት ብቐሊሉ ይመሓላለፍ። እቲ ቫይረስ ኣብ ጸባን ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን ንኣስታት ኣርባዕተ መዓልቲ ክጸንሕ ይኽኣል፣ ስለዚ ምራኽ ብጸባ ክሓልፎ ይኽእል። ከምኡ'ውን ካብ ተባዕታይ ናብ ኣንስተይቲ ብምትንኻፍ ክመሓላለፍ ይኽእል። ተወሳኺ'ውን ኣብ ግዜ ሕልባ ጸባ ይመሓላለፍ። ኣብ መሕረዲ ስጋ፡ ኣብ ኣልባሳት ሰራሕተኛ፡ ናይ መጕዓዝያ መሳለጥያታት፡ ክጸንሕ ይኽእል። እተን ሓደ ዓይነት ቫይረስ ተለኺፈን ዝሓወያ እንስሳታት ብኻልእ ዓይነት ቫይረስ ክጥቅዓ ይኽእላ።

### * ሕቕፎ ግዜ ናይ'ዚ ቫይረስ ክንደይ ይበጽሕ?

ቫይረስ ኣብ ሰውነት እንስሳ ካብ ዝኣተወሉ ግዜ ክሳዕ ተራቢሑ ምልክት ዘርኢ፡ ካብ 2 – 14 መዓልቲ ይወስደሉ፣ እዚ እዋን'ዚ ኸኣ ናይ ሕቕፎ ግዜ ይበሃል። ናይ ሕቑፎ ግዜ ቫይረስ ዝኣተወሉ ቦታን ብዝሒ ቫይረስን ክነውሕን ክሓጽርን ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ሓሰማ ክሳዕ 2 መዓልቲ ጥራይ ክኸውን ይኽእል።

### * ምልክታት መልከፍቲ ሕማም ኣናሶ ከመይ ይመስል?

ቀንዲ ምልክታት ሕማም ኣብ ከብቲ ነዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፦ ረስኒ፡ ዝሕታለ ወይ ምፍዛዝ፡ ምዕጻው ሸውሃት፡ ኣብ ኣፍን መልሓስን ማይ ዝመዓጐ ሕበጥ ጸኒሑ ይነትዕ፣ ቁስሊ ኣብ ኣፍን እግርን ከምኡ'ውን ሓሓሊፉ ምብርዓን ኣብ ምልኦ ዘለወን ከብቲ፡ ምሕንካስ፡ ናይ ጸባ ከብቲ ጡብ ስለዝንድርን ዝቑስልን ጸባ ፈጺመን ደው የብላ። መጠነ ሞት ኣብ ነኣሽቱ ብመጠኑ ይርአ። ኣብ ዓበይቲ ሞት ሓደ ሓደ ግዜ ይርአ። ናይ ወጻኢ ዘርኢ ዝኾኑ ከብቲ ብቐሊሉ ክጥቅዑን ክዳኸሙን ክለዉ፡ ናይ ሃገርና ከብቲ ግን ንሕማም ስለዝጻወሩ፡ እዚ ሕማም ኣናሶ ዘውርደሎም ሃስያ ብጣዕሚ ትሑት እዩ። ብሓፈሻ ግን ጽልዋ መጠነ ሕማም ኣናሶ ክሳዕ (100% ) ይበጽሕ። መጠነ ሞት ኣብ ዓበይቲ እንስሳታት(1–5% )፡ ክበጽሕ ከሎ፡ ኣብ ንኣሽቱ ግን (20%) ወይ ልዕሊኡ ክበጽሕ ይኽእል።

### * ድሕሪ ሞት ዝርአ ምልክታት?

እቲ ንጹር ምልክት ቁስሊ ኣብ ኣፍን መልሓስን ይኸውን። ኣብ ሓሰማን ጤለ-በጊዕን ኣብ ኩርኹሮ፡ ሸኾና ምስ ቆርበት ዝላገበሉ ከባቢ ቆሲሉ ይርአ። ኣብ ከብቲ ኣጥባት ይቑስል፣ ኣብ ልቢ'ውን ሓሙኽሽታይ ናብ ብጫ ዘድሃበ ሽራጥ ምልክት ይርአ።

### * መጠነ ሕማምን ሞትን'ከ?

ሕማም ኣናሶ ተላባዒ (Endemic Disease) ብምኳኑ ምስ ዝኽሰት፣ ኣብ ሓደ ከባቢ ዘለው እንስሳታት መብዛሕትኦም በዚ ሕማም ይጥቅዑ፣ መጠነ ሞት ግን ውሑድ እዩ። ሕማም ኣናሶ ብዝተፈላለዩ ዘርኢ ቫይረስ ምስ ዝኽሰት፣ ኣብ ሓደ ከባቢ ቀጻሊ ንነዊሕ እዋን ይርአ። ጥሪት'ውን ብተደጋጋሚ ስለዝጥቅዓ፡ ምልክታት ሕማም ኣናሶ ይርእያ።

### * ቁጠባዊ ጽልዋ እዚ ሕማም ከመይ ይርአ?

ሕማም ኣናሶ ኣብ ጥዕና እንስሳ ኩነ ኣብ ቁጠባ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ዝርግሐ ናይዚ ሕማም ቅልጡፍ ስለዝኾነ ብቐሊሉ ተመሓላሊፉ ንብዙሓት ከብቲ ኣብ ሓጺር እዋን ከጥቅዕ ይኽእል። ብኣግኡ እንተዘይ ተቘጻጺርናዮ ከኣ ኣዝዩ ከቢድ ዝኹነ ክሳራ፡ ብፍላይ ኣብ ምህርቲ ናይ ጸባ ከብቲ የስዕብ። ኣብ ሃገርና ዋላ ዝርግሐ ናይቲ ሕማም ሓሓሊፉ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝርአ'ኳ እንተኾነ በብእዋኑ ብዝግበር ክታበት ግን ተርእዮ ሕማም ኣናሶ ንምጉዳል ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ።

### * ባህርያት ተመሓላላፊ ሕማም ኣናሶ ከመይ እዩ?

ሕማም ኣናሶ፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ምስ ዝርአ ለብዒ ብምኳኑ ብህጹጽ፡ እተን ዝሓመማ ጥሪት ካብ ጥዑያት ክፍለያ እንተዘይክኢለን፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ከባቢ ንምክልኻሉ ህጹጽ ክታበት እንተ ዘይተኻይዱ፡ ንምሉእ ሃገር ከስፋሕፍሕን ክበጽሕን ይኽእል።

ሕማም ኣናሶ ንምርግጋጽ ምልክታት ናይ ዝሓመመ እንስሳ ብምርኣይ ይከኣል፣ ይኹን እምበር ካብ ካልኦት ተመሳሰልቲ ሕማማት ንምፍላይ፡ ቅምሶ ካብ ማይ ዚመዓጐ ክፍሊ ኣካላት ከምኡ'ውን ካብ ምራቕ ብምውሳድ ኣብ ላባራቶሪ ምንጻር ይከኣል።

### * ኣገባብ ምክልኻልን ቁጽጽርን?

ኣብ ሃገርና ኤርትራ ተመሓላላፊ ሕማም ኣናሶ ሓደ ካብቶም ቀጻሊ ዝርኣዩ ሕማማት እዩ። ንምክልኻሉ ድማ እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክወሰድ ይግባእ፦

- መጀመርያ ንምክልኻል ዝሓመማ ጥሪት ካብ ጥዑያት ክንፈልየን ይግባእ፡
- ካብን ናብን ምንቅስቓስ ዝሓመማ ጥሪት ምቁጽጻርን ደው ምባልን፣ እዚ ድማ ነቲ ለብዒ ካብ ምትሕልላፍ ብመጠኑ ክንክዮ ይኽእል፡
- ንቑጽጽር ሓደሽቲ እንስሳታትን መሳርሒታትን፡ ጽርየት ቀጻሊ ምዝውታርን ንዝተበከለ ቦታ፡ መመገቢ፡ መስተዩን መደቀስን ብጸረ-ነፍሳት ተጠቒምካ ምምካን፣
- በዚ ሕማም ተለኺፉ ዝሞተ እንስሳ ብግቡእ ምቕባር ወይ ብሓዊ ተጠቒምካ ምቅጻል፣
- እዚ ሕማም ምስ ዚርአ ቀልጢፍካ ናብ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ሓበሬታ ምሃብ፡
- እዚ ሕማም ኣብ ዝኾነ ከባቢ ምስ ዚርአ፡ ንምግትኡን ንምቁጽጻሩን ከይስፋሕፍሕን ክታበት ክወሃብ ይግባእ፣ ክታበት ክወሃብ ከሎ፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ቫይረስ ስለዝኽሰት ልክዕ ነቲ ዓይነት ቫይረስ ብመርመራ ላባራቶሪ ተፈሊጡ ንዑኡ ብዝከላኸል ክታበት ክሰላሰል ይግባእ፡
- ነተን ዝሓመማ'ውን ብተወሳኺ ሕማም ንኸይጥቅዓ ጸር-ታህዋስ (ኣንቲ-ባዮቲክስ) ክወሃባ ይግባእ።

***

ኣሰራርሓ መግቢ

## ምድላው ኣልጫ ብጉዕ ባናና



### ዘድልዩ ነገራትን ዓቐንን

- 1 ኪሎ ግራም ጐዕ ባናና
- 2 ዓካር ማእከሎት ሽጉርቲ
- ዘይቲ ከም ኣድላይነቱ
- ጐዕ፡ ኣዝማሪኖ፡ ፐርሰሜሎ ከም ኣድላይነቱ
- ሽጉርቲ ጻዕዳ፡ ጨው ከም ኣድላይነቱ

### ኣገባብ ኣሰራርሓ

ሽጉርቲ ንቕመት ተመቲሩ፡ ጐዕ ባናና ድማ ተሓጺቡ፡ ተቐሪፉ፡ ተመቲሩ ብዘይቲ ይቕሎ። ክልቲኡ ክሳዕ ዝበስል ጽቡቕ ጌርና ነወሃህዶ። ቀጺልና ኮመደረ ብዝደለናዮ ቅርጺ መቲርና ነእትዎ። ምስ ተወሃሃደ፡ ነቲ ጐዕ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ፐርሰሜሎ፡ ኣዝማሪኖ ከምኡ'ውን ጨው ኣእቲና ነወሃህዶ። ብድሕሪ'ዚ ንመግቢ ድሉው ይኸውን።

መወከሲ ጽሑፍ፦ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ወሰኽ ክብሪ ባናና



ሓበን ተስፋሚካኤል

# “ናይ ኣመጋግባ ልምዲ፡ ካብ ወለዲ ናብ ደቆም ይመሓላለፍ” ተመራመርቲ

ኣብ ኣመጋግባና በበይኑ ዓይነት ስርዓት ኢና እንኽተል። ገለ ብዙይ ዕላል ሃዳእና ክንምገብ እንክለና፡ ብኣንጻሩ ዓው-ዓው እናበልናን ካብን ናብን ኣእዳውና እናኣንቀሳቐስናን እንምገብ እውን ኣይንስኣንን ንኸውን።

ኣብ ሃገርና፡ እቲ ግቡእ ስርዓት ዘማልአ ኣመጋግባ፡ ካብ ባህልናን ክብርታትናን ዝወረስናዮ ወግዒ ናይ መኣዲ እዩ። ካብዚ ዝተፈልየ ስምዒታዊ ባህሪ ናይ ኣመጋግባ ግን፡ ካብ ወለዲ ናብ ደቆም ዝመሓላለፍ ኣሉታዊ ጽልዋ ምኻኑ ተመራመርቲ ይሕብሩ።

እዮም ኣብዚ ዓውዲ ኣተኩሮም ዘጽንዑ ተመራመርቲ፡ ነዚ ምርምር ኣብ 218 ብዝሒ ስድራቤታት ከም ዘካየድዎ



ይገልጹ። ንሳቶም፡ ነዘን ህጻናትን ቈልዑን ዝሓቖፉ ስድራቤታት፡ ንኣርባዕተ ዓመት ከም ዝተኸታተልወን እዮም ዘረድኡ።

ኣብዘን ስድራቤታት ዝዓበዩ ቈልዑ፡ ናይ ወለዶም ኣመጋግባ እናተዓዘቡ ጥራይ ስለ ዝምገቡ፡ ልክዕ ከም ናቶም ልምዲ ከም ዝሓዙ፡ እዮም ተመራመርቲ የረድኡ። እዚ ማለት፡ እዮም ኣብ ሞንጎ መኣዲ እናኣዕለሉን እናቐልጠፉን ዝምገቡ ወለዲ፡ ደቆም'ውን ከም ናቶም ስርዓት ናይ ኣመጋግባ ከም ዝወስዱ፡ እዮም ተመራመርቲ ወሲኾም ይገልጹ።

“ኣብቲ ምርምር ዝተኻየደናለን ስድራ ዝርከቡ ህጻናት፡ ‘እዛ ቐረብልካ ዘለኹ ምግቢ እንታይ ወዲእካ፡ ብሸኮቲ ክህበካ እየ’ እናተበሃሉ ብወለዶም ሽኮራዊ መግቢ ከም ሞቐሽሽ እናተዋህቦም ይምገቡ እሞ፡ በዚ ድማ ደቆም ስምዒታዊ ባህሪ ናይ ኣመጋግባ የጥርዩ” ትብል ክኢላ ስነ-መግቢ መኣዛታትን ጆዋና ክለሰምን።

ንሳ ኣሰዊባ፡ ህጻናት፡ ኣብ ክንዲ ንኣካላትና ዝሃንጽ መኣዛታት መግቢ፡ ከም ዘድልየና ፈሊጦም ዝዓብዩ፡ ብሽኮራዊ መግቢ ሰዲዶም ኣብ ዝገብሩ ህርፋን ሃፍቶን ከም ዝበኣሰ ገደርም ደርድአዎ ስለዘለው፡ ኣመጋግባ ህጻናት ብወለዲ ክምእዘን ከም ዝግባእ ኣትሪራ ትመኽር።

እዮም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ፡ ወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆም ዘሕድርዎ ጽልዋ ብምርዳእ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቶም ክጥንቀቑ ኣተሓሳሰቡ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ከም ናይ ቀረባ መማህራኖም መጠን፡ እወታዊ ትምህርትታት ክሰርጹሎም ከም ዘለዎም ኣዘኻኸሩ።

# ‘ኣልኮላዊ ክሬም’ ተጠላብነቱ ይዓቢ

ሓደ ካብቲ ምግዙብ ናይ ኣእምሮ ዘጉድልን ወናና ዘጥፍእን ኣልኮላዊ መስተ ምኻኑ ርዱእ እዩ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ከም ቸኮላታ፡ ብሽኮቲ፡ ቶርታ ዝኣመሰሉ ሽኮራዊ መግብታት፡ ብሕቡእ ተሓዊሶም ዝኣትው ኣልኮላዊ መስተ ኣለው። እዮም ሽኮራዊ መግብታት፡ ብዙሕ ምስ እንምገቦም፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብኦም ዝርከብ ኣልኮላዊ ትሕዝቶ፡ ኣብ ባህርያትና ናብ ሰኽራን ዝዘው ናይ ስምዒት ምቅይያራት እዮም ዘኸትሉ።


ክኢላ ስነ-መግቢ ኣይለን ጂልር፡ ትሕዝቶ ኣልኮል ዘውንን ክሬም እያ ኣማዕቢላ። ንሳ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ እስራኤል ዝተማህረት፡ ኣብ ምድላው ቀመማት መግቢ ድማ እትነጥፍ ኩይና፡ ከምዚ ክትብል ትገልጽ - “ኣልኮላዊ መስተ ኣዝዩ ስለ ዝበርትዓንን ኑቲ ጣዕሙ ስለዘይፈትዎን እየ ብመልክዕ ሽኮራዊ መግቢ ኩዓልዎ ሓሳብ ኣንቂለ። ኣብ'ቲ ዝሰራሕክዎ ክሬም ድማ 10 ሚእታዊት ኣልኮል ኣቃሚመ ብምስራሐ፡ ኑቲ ተረር ጣዕሙ ብሽኮራዊ መንገዲ ከም ዝልወጥ ገይረዮ።”

እቲ ኣይለን ዘቃመመቶ ኣልኮላዊ ክሬም፡ ኣብ ጀላቶን ብሽኮቲን ተሓዊሱ ተዳልዩ ንመሸጣ ክዝርጋሕ በቒዑ ኣሎ። ደሮ ልዑል ተጠላብነት ስለ ዝረኸበ፡ ክሳብ መወዳእታ 2022፡ ኣስታት 1.2 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ክኸውብ ትጽበ ይግበር። እዚ ኣልኮላዊ ክሬም፡ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም፡ ብፍላይ ድማ ብዝበዝሐ ኣልኮላዊ መስተ ዘይዘውተረለን ሃገራት ኣቓልቦ ክስሕብ ከም ዝጀመረ ይግለጽ።

ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ኣልኮላዊ ክሬም ዕዳጋታት ከዕበን ተጠላብነት ክረክበንኳ እንተኸኣለ፡ ሽኮራዊ ጣዕሚ ስለ ዘውንን ግን፡ ብዝበዝሐ ብትሕቲ ዕድመ ከይዝውተር ስግኣታት ኣሎ። እቲ ኣልኮላዊ ክሬም ብመልክዕ ጀላቶ ተዳልዩ ክሽየጥ እንከሎ፡ ቈልዑ በቲ ሽኮራዊ ትሕዝቶኡ ተታሊሎም ልዕሊ ዓቐን ከይምገብዎ፡ ወለድን ነጋዶን ጥንቃቐታት ክገብሩሎም ኣይለን መኺራ።



# ብ‘ኣዮን’ ዝቘመ ቁርበት ሰብ፡ ባዕሉ ናይ ምሕዋይ መስርሕ የካይድ!



ቴክኖሎጂ፡ ኑቶም ብተፈጥሮ ዝተዓደልናዮም ከም ኣእጋር፡ ኣእዳውን ካልኦትን ዝመስሉ ዘይባህርያውያን ክፋል ኣካላት ማለት ኣርተፊሻላዊ ሓጻውን እናተክአ እዩ ዝመጽእ ዘሎ።

ኣብዚ ዓውድን ምምሃዝ ርጡባን ዝጥፉ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ዶንግሃ - ቻይና፡ ትሕዝቶ ኤሌክትሪካዊ ባእታ፡ ማለት ‘ኣዮን’ ዘለዎ ኣርተፊሻላዊ ቁርበት ከም ዝመሃዙ ይሕብሩ ኣለው። እዚ ተማሂዙ ዘሎ ኣርተፊሻላዊ ቁርበት፡ ምስ'ቲ ናይ ተፈጥሮ ብዙሕ ዘመሳስል ነገራት ኣለዎ። ልምሉምን ክትጠዋወዮ ከለኻ ድማ ልክዕ ከም'ቲ ተፈጥሮኣዊ ቁርበትና ድልዱልን ምኻኑ እዮም እዮም ተመራመርቲ ዝገልጹ።

እዚ ምህዞ እዚ፡ ናይ ሓጺን ትሕዝቶን ካልእ ባእታታትን ዘውንን ኩይኑ፡ ብዘይ ጸገም ንነዊሕ ዓመታት ከይተበላሸወ ከገልግል ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ከም ምጭንፋሕን ካልእ ማህሰይትን ምስ ዝወርዶ እሞ ቁስሊ ምስ ዝፍጠር፡ ኣብ ውሑድ መዓልታት ተጸጊኑ ናብ ንቡር ስርሑ ይምለስ። እቲ ናይ ምጽጋን ኣገባብ ከም'ቲ ተፈጥሮኣዊ ቁርበትና ኣብ ውሑድ መዓልታት ክሓዊ ዝኽእል። እዚ ተማሂዙ ዘሎ ኣርተፊሻላዊ ቁርበት ድማ፡ ብዘይ ናይ ደጋዊ ሓገዝ ባዕሉ ይሓዊ።

ኣብ መወዳእታ፡ ገይና በዚ ዘቕረብዎ ምህዞ ዘይዓገቡን ‘ካብዚ ንላዕሊ ከዐርክት ኣለና’ ዝበሉን ዘለዉ ተመራመርቲ፡ ኣብ መጻኢ ምስ'ዚ ዝመሃዝዎ ዝተኣሳሰር ዝበለጸ ስራሕ ከቕርቡ ምኻኖም ቃል ኣትዮም።

# ጠፈርተኛታት ናሳ፡ ናይ ‘ዲ.ኤን.ኤ’ ምቅይያራት የጋጥሞም

ተመራመርቲ መደበር ጠፈር ናሳ - ኣመሪካ፡ ናብ ህዋ ምርምራቶም ንምክያድ ኣብ ዝኸዱ እዋን፡ ጉዳይ ጉዳእቲ ኤሌክትሮኒካዊ ጨረርታታት ከም ዝኸውን እዩ ዝነገር። እዚ ጨረርታ እዚ ብዘየዕባ ጸገም ድማ፡ ኣብ ዲ.ኤን.ኤ ጠፈርተኛታት፡ ምቅይያራትን ጸገማትን ይፍጠር ከም ዘሎ ተመራመርቲ መደበር ጠፈር ናሳ ይሕብሩ።



ዶ/ር ደይቪድ ጉትሲያን ሓደ ካብ'ቶም ተመራመርቲ እዩ። ንሱ፡ ተመራመርቲ ህዋ፡ ናብ ጠፈር እናተጓዕዙ ነዊሕ ሰዓታት ናይ ምጽናሕ ስርሖም ብተደጋጋሚ ከምዝሰላስሉ ጠቒሱ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ስርሖም ዘጋጥሞም ኤሌክትሮኒካዊ ጨረርታ ዘስዕቦ ጸገም ግን፡ ምስ ግዜ ተጠቃዕቲ ሕዱር ሕማማት ከም ዝኾኑ የረድእ። እዚ ናብ ጠፈር ምጋሽ ተመራመርቲ፡ ብቐጥታ ኣብ ዲ.ኤን.ኤ ናይ ደሞም ኣሉታዊ ምቅይያራትን ሕማም መንሽሮን ከምዝፈጥረሎም ከኣ ወሲኹ ይገልጽ።

ክኢላታት ጥዕና ብወገኖም፡ እቶም ናብ ጠፈር ዝልኣኹ ተመራመርቲ፡ ብዘይካ'ቲ ጥዕናኦም ምሉእ ክኸውን ከም ዝግባእ ዘገድድ ረቛሒ፡ ብዕድመ ዝንኣሱን ናይ ተጻዋርነት ዓቕሚ ዘለዎምን ክኾኑ ከም ዘድሊ ኣትሪሮም ይመኽሩ።

# ሕማም ዓሶ ክጉድል ዝኽእል ብርሃን ይምዕበል

ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻርን ንምጉዳልን ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ላሙሲያ ምጥቃምን ዝቖመ ረሳሕ ማይ ምድፋእን - ገለ ካብቲ ክንገብሮ ዝግብኣና እዩ። እዚ ሕማም ሓደገኛን ግቡእ ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮን ስለዝኾነ፡ ኣቓዲምና ኑቲ ሕማም እተመሓላለፍ ጣንጡ ኢና እነወግድ።

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ፕሪቶርያ - ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሕማም ዓሶ ዘመሓላልፋ ጣንጡ ኣብ ምውጋድ ዝሕግዝ መብራህቲ የማዕብሉ ከም ዘለው ሓቢሮም። ኣብ እዋን ለይቲ ብኸፈል መብራህቲ ሞባይል፡ ኮምፒዩተር፡ ላምፓዲናን ካልእን ክንውዕል እንከለና፡ ጣንጡ ኒን ክብሉን ክኸስሉናን ግድን እዩ። እዮም ተመራመርቲ፡ ኑቶም ጣንጡ ዝስሕቦም ዘሎ ብርሃን ናብ መጻወድያ ክቕይርሎም ዘኽእሎም ሓሳብ እዮም ኣብጋግሶም።

እቲ ዝምዕበል ዘሎ መብራህቲ፡ ኣብ ሓደ ክፍሊ ብምልኣት ዝበርህ ኩይኑ፡ ዛጊት ንድቃስና ብዘይጸሉ ግና ከኣ ንጣንጡ ኣብ ጸልማት ብኸፈል ብርሃን ተወሲዑ ከም ዘሎ ዘምስል ረቂቕ ኣገባብ ተኸቲሎም ዘዳለውዎ ዘለው ምኻኑ እዮም ተመራመርቲ የረድኡ። ብተወሳኺ፡ እዮም ጣንጡ ናብ'ቲ ብርሃን ገጾም ክቐርቡ እንከለው፡ ካብ'ቲ መብራህቲ ዝወጽእ ጨረርታ ከም ዝቕትሎም ድማ ይገልጹ።

እዚ ዝምዕበል ዘሎ ምህዞ፡ ገይና ኣብ መጻኢዕትን ምርምርን ዘሎኳ እንተኾነ፡ ተስፋ ዘለዎ ኩይኑ እዩ ተረኺቡ ዘሎ። የግዳ፡ ካብ'ቲ ዝምሃዝ ዘሎ መብራህቲ ዝወጽእ ጨረርታ፡ ኣብ ጥዕና ሰባት ክወርዶ ዝኽእል ሳዕቤንን ኣብ ድቃስና ዘውርዶ ኣሉታዊ ጽልዋታትን ንምምርማር ብዝበዝሓት ክኢላታት ቴክኖሎጂ ይጽናዕ ኣሎ። እዚ ዕውት ኩይኑ ምስ ዝወጽእ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ክዝርጋሕ ትጽቢት ይግበር።

# ኣርትፊሻላዊ ብልሒ ዘውንን ፓይሎት...

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ሚሎን - ፔንሲልቬኒያ ኣርትፊሻላዊ ብልሒ ዘውንን ፓይሎት ከም ዝመሃዙ ይሕብሩ ኣለው። እቲ ፓይሎት፡ ኣብ ህዋ ከጋጥም ንዝኽእል ሓደጋታት ኣቐዲሙ ኣለልዩ ፍታሕ ዘምጽእ፡ ካልእ ኣፉራት ትመጽእ እንተዛልያ ዝፈልጥን ብሓፈሻ ናይ ህዋ ጉዕዞኡ ዝቈጻጸርን እዩ።

እዮም ተመራመርቲ፡ ኑቲ ሸዱሽተ ካሜራን ኮምፒዩተርን ዝዓጠቐ ፓይሎት፡ ምስ ናይ መዓርፎ ነፈርትን ተቘጻጸርቲ ኣየርን ብረድዮ ርክብ ዝራኸበን መልእኽቲ ዘመሓላልፍን ገይሮም ከም ዝመሃዝዎ ይገልጹ።

እዚ ተማሂዙ ዘሎ ኣርትፊሻላዊ ብልሒ ዘውንን ፓይሎት፡ ዋላ ተመኩሮ ዘይብሉ ሰብ ንሓንቲ ኣፉራት መራሕዋ እንተተጓዕዘ ከም ተቘጻጻራይ ኩይኑ ክመርሓ ዝኽእል እዩ። በዚ ድማ፡ ፓይሎት ኣብ ምስልጣን ዝህልዎ ተራ ቀሊል ከም ዝገብሮ ይንገር።



ብተወሳኺ፡ ናይ ፈለማ ኣፉራት ክቈጻጸር ዝኽእል ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዘለዎ ፓይሎት ዝበል ስም ሐዚኑ ዕውት ስራሓት ከበርክት ተሰፋ ተገቢሩሉ ኣሎ። “ዛጊት ኣብ ምጽፋፍ እቲ ምህዞ ንርከብ ስለዘለና፡ ኣብ ቀረባ እዋን ንፈተነ ከቕርቦ ተዳሊና ኣለና” ድማ ይብል ሓደ ካብቶም ነዚ ምህዞ ዘበርከቱ ተመራማራይ ጄይ ፓትሪክ።

ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ምህዞ እዚ፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ፈተነ ዕውት ኩይኑ ምስ ዝርከብ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ንምርኣይ ከም ዝቐርብ ይግለጽ ኣሎ።



መም. ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ቤት ትምህርቲ ፍረ ህይወት ኣብ ዞባ ማእከል - ኣስመራ እትርከብ መባእታ ቤት ትምህርቲ እያ። እዛ ቤት ትምህርቲ ዓርተው ክልተ መማሃሪ ክፍልታት ኣለዋ። ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ዝርከቡ ተመሃሮ ይመሃሩ።

ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ፍረ ህይወት ብኣግራብን ብሀንፀብታትን ዘጌጸት ኮይና፡ ጽሬት መለለዪ እዛ ቤት ትምህርቲ እዩ። ተመሃሮ ናይዛ ቤት ትምህርቲ ሕጉሳት ኣብ ርእሲ ምኻናም ንቤት ትምህርቶም ከም ብሌን ዓይኖም ይናኸኹዋ። ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ማይ ካብ ቤቶም ብምምጻእ ንኣግራብን ዕንባባታትን ቤት ትምህርቶም የስትዩ። ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ቀጽሪ ቤት ትምህርቶም የጽርዩ።

ሎሚ ሰኑይ መዓልቲ እዩ። ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ትምህርቲ ሰሙን እያ። ዳርጋ ኩሎም ተመሃሮ ቅድሚ ሰዓት ምእታዉ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቶም መጺኦም ኣለዉ። ክሳብ ሰዓት ዝኣክል ብጠጅለ ኮይኖም የዕልሉ ኣለዉ። ገሊኦም ብዛዕባ ትምህርቲ፡ ገሊኦም ብዛዕባ ሰንበት ዝተኸታተልዎ ፊልም፡ ገሊኦም ድማ ብዛዕባ ብመማህራኖም ዝተዋህቦም ዕዮ ገዛ የዋግዑ።

ግዜ ደወል ኣኺሉ። ደወል ቤት ትምህርቲ ተደወለት። ኩሉ ተማሃራይ ኣብ መስርዕ ተረኽበ። ተሰሪዖም ድማ ናብ ክፍሎም ኣተዉ።

ዓሊ ተመሃራይ ካልኣይ ክፍሊ እዩ። ስለዝደንጎየ ብጉያ ናብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቱ ኣተወ። ምስ ዝደንጎዩ ተመሃሮ ዘብዘብ እናበለ ናብ ክፍሉ ኣተወ።

ዓሊ ብሓይሊ እናስተንፈሰ ኣብ ሰፈሩ ኮፍ በለ።

# ዛንታ ምትሕግጋዝ

ረሃዋ ኮፍ መበሊቱ፡ "እንታይ ኮይንካ ድኣ ደንጒኻ? ሎሚ መስርዕ ኣየርከብካን?" ሓቲታቶ ነቲ ብርሃጽ ዝተሓጸበ ገጹ እናጠመተት። ገጹ ብርሃጽ ተሓጺቡ ኣሎ።

ዓሊ፡ "ሎሚ ናይ ንግሆ ምስ ስድራ ምብጻሕ ነይሩና፡ ካብቲ ምብጻሕ ክሳብ ዝመጻእ ሰዓት ኣኺሉ፡" መለሰ ብዘተቈራረጸ ድምጺ። ምዝራብ ክሳብ ዝኽእል ደጋጊሙ የስተንፍስ ኣሎ።

ረሃዋ፡ "እሞ እናጎየኻ ኢኻ መጺእካ?" ሕቶኣ ቀጸለት።

"እወ ብጉያ እየ መጺአ። ሓቂ ምዝራብ ዘርክብ ኮይነ ኣይመሰለንን፡" መለሰ ዓሊ።

ክልቲኦም እናዕለሉ መምህር ናብ ክፍሊ ኣተወ።

ረሃዋ፡ "ሕራይ በል ሰቕ ንበል መምህር ናይ ቀጽርና መጺኡ ኣሎ፡" ብምባል ስጥ በለት።

ዓሊ እውን ሰጥ ኢሉ ተመሃራርዩ ኮፍ በለ።

መምህር ናብ ክፍሊ ምስ ኣተወ ኩሎም ተመሃሮ ክዘርቡ ኣይፍቀደን እዩ።

መምህር ሐዚምዎ ዝመጸ ንብረት ኣብ ጠረጴዛ ኣንቢሩም ኑዩም ብኽብሪ ዝተቐበሉዎም ተመሃሮ ሰላምታ ለገሰ።

ተማሃሮ ድማ ዓጸፈታ መለሱ።

"ሕራይ በሉ" መምህር ንኹሉም ተማሃሮ ጠመትዎም። ቀጺሉም፡ "ሕጂ ዕዮ ክፍሊ ስለዘለና ኩልኹም ናይ ዕዮ ክፍሊ ጥራዝኩም ኣውጽእኩም ህድእ ኢልኩም ስርሑ። ዘረባ ክሰምዕ ኣይደልን እየ፡" ሓበሬታ ሂቦም ናብ ስሌዳ ተጠውዩም ክጽሕፉ ጀመሩ።

ዓሊ፡ ናይ ዕዮ ክፍሊ ጥራዙ ካብ ቦርሳኡ ኣውጺኡ ኣብ ጣውላ ኣቐመጦ። ጥራዙ ድሕሪ ምውጽኡ ኢዱ ናብ ቦርሳኡ ሰዲዱ ርሳሱ ክደሊ ጀመረ። ርሳስ ክረክብ ኣይከኣለን። ቦርሳኡ ደጋጊሙ ፈቲሹ ርሳሱ



ኣብ ቦርሳኡ ኣይነበረን። ብፍርሒ ኑብሱ ከንቀጥቅጥ ጀመረ። ኩሉ ጥራውዝኡ ካብ ቦርሳኡ ኣውጺኡ ርሳሱ ፈተሸ፡ ርሳስ ግን ኣይረኸበን።

ረሃዋ፡ ጓል ሰፈሩ ጥራዛን ርሳሳን ኣውጺኣ ደሮ ክትጽሕፍ ጀሚራ ኣላ። ንወዲ ሰፈራ ኣየቕለበትሉን።

ዓሊ፡ ብፍርሒ ኣዒንቱ ንቦዖት ቋጸረ።

ረሃዋ፡ ወዲ ሰፈራ ደጽሕፍ ከም ዘየለ ኣስተብሃለትሉ። ምጽሓፍ ኣቋሪጹ ምልእ ብምልእ ናብ ወዲ ዓሊ ዞረት። ብፍርሒ ከኑብዕ ደለዩ ከምዝሎ ኣቕለበትሉ።

ረሃዋ፡ "ዓሊ እንታይ ኴንካ ዘይትጽሕፍ?" ቀስ ሓተተቶ። መምህር ከይሰምዖዋ ፍርሒ ኣለዋ።

"ርሳስይ ረሲዐያ መጺአ። ሕጂ ብምንታይ ክጽሕፍ እየ?" ኣብ ኣዒንቱ ተዋህሊሉ ዝጸንሐ ንብዓት ክፈስስ ጀመረ።

ረሃዋ፡ ተሰኡ ከይቆረጸት ብቐድሚኣን ብድሕሪኣን ኮፍ ንዝበሉ፡ ካልኣይ ርሳስ እንተለዎም ሓተተት። ካብኣም'ውን ካልኣይ ርሳስ ዝሓዘ ኣይነበረን።

ረሃዋ እናሓሰበት፡ "ድሓን ኣጆኻ ርሳስ ክረኽበልካ እየ" ተሰኡ ሃቡቶ።

ዓሊ፡ "መምህር እንተርእዩኒ ክዝርመኒ እዩ። ሕጂ እንታይ እየ ዝገብር?" ፍርሁ ገለጸሉ።

ረሃዋ፡ "ድሓን ኣጆኻ ኣይዝርመካን እዩ። ኣነ ድማ ርሳስ ክረኽበልካ እየ" ክይፈርህ ኣጸናንዓቶ።

ረሃዋ፡ "በል ኣይትብከ ኣጆኻ" ቀስ ኢላ ተዛረበቶ። እትፈትዎ ወዲ ክፍላ ምብካዩ ኣይተዋሕጠላን። ካልኣይ ርሳስ ኣብ ቦርሳኣ እንተለዋ ፈተሸት። እንተኾነ ካልኣይ ርሳስ ኣብ ቦርሳኣ ኣይጸንሓን።

ዓሊ፡ ምንባዕ ኣቋረጸ። ፍርሒ ግን ደስመዮ ኣሎ።

ዓሊ፡ "መምህርናንኳ ክተሃራረም መዓት እዩ. . . ብቐዳማይ ምሽ ንሳሙኤል ርሳስ ዘየምጻእካ ኢሉ ሃሪምዎ። እንተርእዩኒ ክዝርመኒ እዩ። እዋይ ጠፊኣኒ፡" ሕጂውን ካብ ኣዒንቱ ንብዓት ዛረየ።

ረሃዋ፡ "ኣጆኻ ርሳስ ክትረክብ ኢኻ። ሳሙኤል እኳ ብዙሕ ግዜ እዩ ረሲዑ። ንስኻ ግን ሎሚ ጥራይ ኢኻ። በጃኻ ኣይትብከ፡" ኢላ ኣብ ጉድና ንዘለዉ ተመሃሮ ቀስ ኢላ ካልኣይ ርሳስ እንተለዎም ሓተተት። ሕጂውን ክሰልጣ ኣይከኣለን።

ይቕጽል...

# ሕንቅልሕንቕሊተይ

"ሕንቅልሕንቕሊተይ"

ተማሃሮ፡ "ሰናብሰናቢተይ"

"ፍቱዋት ተማሃሮ፡ ናይ ዓለምና መራሕቲ፡ ፈላጥቲ፡ መሃዝቲ፡ ዶክተራት፡ ኢንጅነራት፡ ፓይሎታት፡ ጋዜጠኛታት፡ ጸሓፍቲ.... ዘፍረየን ዝፍሪ ዘሎን መን እዩ? እንተትብሃሉ መን ምበልኩም? መልሲ እናሓሰብኩም መመላእታ ሓበሬታ ክህበኩም፡"

ተማሃሮ፡ "ሕራይ ወሰኽና"

"ካብ ዓለምና ድንቁርና ክጠፍእ፡ ዓለምና ንምንባር ዝሓሸት ንኽትከውን ዝጽዕር፡ ንሱ እንተዘይሃልዩ ዓለምና ብዙሕ ሽግራት ዘለዋ ምኾነት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዓቢ ክብሪ ዘለዎ፡ እዚ ሰብዚ መን እዩ? እስከ ፍለጡለይ? ፈሊጥኩሞዶ?"

ተማሃሮ፡ "ኣይፈለጥናዮን"

"በሉ ናይ መወዳእታ ክውስኸኩም፡"

ተማሃሮ፡ "ጸቡቕ ወሰኽና"

"ዓመታዊ ጥቅምቲ 5 መዓልቱ ኣብዛ ዝተጠቕሰት ዕለት ኣብ ሃገርናን ኣብ ዓለምን ብኽብሪ ተዘኪሩ ይውዕል፡ እዚ ሰብዚ መን እዩ ፍለጡለይ?"



ተማሃሮ፡ "ተደረር ኣይፈለጥናያን"

"በሉ ክድረር፡ እዚ ሰብዚ ሰብ ዝሰርሕን ሰብ ዘማዕብልን - '**መምህር**' እዩ"

ተማሃሮ፡ "እዋይ ሓቅኺ"

ፍትዋት ተማሃሮ፡ **ጥቅምቲ** 5 መዓልቲ መምህራን ምዃና ትፈልጡዶ? ገለና ንፈልጥ ንኸውን ኢና።

በሉ ፍትዋት ተማሃሮ፡ ብምኽንያት ጥቅምቲ 5 መዓልቲ መምህራን ንመምህራንኩም 'የቐንየለይ' ኢልኩሞምዶ? መምህራንኩም ንኽንም ፍልጠት ከሰንቑ ድቃስ ዘይብሎም እዮም ዝኹብሩ። ስለዚ፡ ንመምህራንኩም ክብሪ ብምሃብ ከተመስግንዎም ኣለኹም። መምህር እንተዘየለ ህይወት ደቂ ሰባት ምቕጽእቲ ኣይትኸውንን እያ።


ፍትዋት ተማሃሮ ንመምህራንኩም ክብሪ ብምሃብ ዝበልኩም ስምዑ። ኩሉ ዝበልኹም ንህወትኩም ጠቓሚ ስለዝኾነ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም ከተተግብርዎ ጸዓሩ።

መምህር፡ ብርሃን ናይዛ ዓለም እዩ። ምስ መምህራንኩም ብፍቕሪ ተመላለሱ። ንፉዕ ተማሃራይ ብቐዳምነት ዝህብሮ ንመምህሩ ክብሪ ምሃብ እዩ። ስለዚ፡ ንመምህርኩም ክብሪ ብምሃብ ከም እተፍቅርዎም ንገርዎም።

ዕድመ ንመምህራን!! ዕድመ ንጥቅምቲ 5!!

# ሕቡእ ቍጽሪ ርኸቡ

ነዘን ኣብ ታሕቲ ተዋሂበን ዘለዋ ክልተ ግድላት ቍጽሪ ኣብ 'ሀ' ተዋሂቡ ዘሎ ኣሰራርሓ ብምኽታል ሕቡእ ቍጽሪ ርኸብ። ሕቡእ ቍጽሪ ናይ 'ለ' ርኸቡ?




መልሲ ዝመጽእ ቀዳም

## ዋዛ

ናህም ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ቁልዓ እዩ። ኣብ ኣፍደገ ገዛኦም ኮይኑ ንበይኑ ይጻወት ነበረ።

ወይዘሮ ጉት ካኸሎ ደሬኦ ናብ ገዝኦም ገጸ ክትመጽእ ተዓዘበ። ጸወታኡ ገዲፉ፡

"ማማ፡ ማማ ጉት ናብ ገዛና ትመጽእ ኣላ፡" ነዲኡ ተዛረቦ።

ኣደ ናህም፡ ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮይና ገዛ ተላዕል ኣላ። ስርሓ ገዲፋ፡ "ናህም ወደይ 'ኣዴኻ ኣብዩ ኣላ' እንተኢላትካ 'ጊደኛ ኣላ በሎ፡'" ብምባል መልእኽቲ ሃበቶ።

ናህም፡ "ሕራይ ማማ፡" ኢሉ ናብ ጸወትኡ ተመልሰ።

ወይዘሮ ጉት ኣብ ጥቓ ናህም በጺሓ ደው በለት። ጸንሕ ኢላ፡ "ናህም ወደይ ማማ ኣላዶ?" ክትብል ሓተተት።

ናህም፡ "ማማ የላን፡" ኣሕጺሩ መለሰ።

ወይዘሮ ጉት፡ "ናበይ ከይዳ?" ሕቶኣ ቀጸለት።

ናህም፡ "ማማ ጊደኛ ኣላ፡" መለሰ እናተሰከፈ።

ወይዘሮ ጉት፡ "ናበይ ድኣ ጊደኛ ዝ ወደይ?" ሓተተት።

ናህም፡ "እንድዒ ናበይ ከም ዝኸደት ክሓተልኪ፡" ብምባል ናብ ውሽጢ ገዛ ኣተወ።

# ልቢ-ወለድ

ጆሜ/ደጀን ተኽለ

## ስውር ህያብ

13 ክፋል

ሄዋን ደጊማ እኳ እንተ ደወለት፡ ሚሮን ክቕበላ ኣክኣለን። ተሰፍኣ ኣብ ምጽንቃቕ ግን ሚሮን ባዕሉ ስለዝደወለላ መጠወቒ መልሓም ጸቒጣ "ሄለው ሚሮን ከመይ ወዒልካ?" በለት ህድእ ኢላ።

ሚሮን "ጸቡቕ! ይቕሬታ ኣብ ስራሕ ስለዘለኹ መን ክብል?

-ሄዋን እበሃል። ክኢላ ናይ እንዳ ፎርኖ'የ። ሰራሕተኛ ትደሊ ከም ዘለኻ ስለዝሓበሩኒ'የ ናባኻ ደዊለ።

-ኣኬይ! ግን ጓል ስለዘየኾንኪ - እዚ ስራሕ ክብድ ዝበለ እዩ።

-ጸቡቕ ኣለኹ። እንተኾነ ኣብ ስራሕ ናይ ወዲ ናይ ጓል ዝበሃል የለን።

-ንሱስ ሓቅኺ። እዚ ስራሕ ጓል ትሰርሖ ኮይና ስለዘይተሰምዓኒ እዩ።

-ብልኣኣ ደሰርሕ ጥራይ ዘይኮንኩ - ኣብዚ ስራሕ ጸቡቕ ምልከት ዘለኒ እዩ።

-እንታይ ኢኺ ትኽእሊ?

-ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ኩንታል ፈኖ፡ ክንደይ ሊትሮ ማይ፡ ጨው፡ ለቢቶ ብዘየጋጥም ደፊልጦ። ምልዋስን ኣብ ፎርኖ ቢ ምእታውን ምውጻእን'ውን ኣጸግመኒን።

-ናይ ብሓቅኺ ዲኺ ትዛረቢ ዘለኺ?

-ምኻርሕ ምቅማምን ባ፡ ካብቲ ኣጸቢቓ ዝመልኮ ሞያ ስለዘኾነ ብስርሓይ ኣይጠራጠርን እየ። ኣብዚ ስራሕ ናይ 2 ዓመት ተመክሮ ኣለኒ። ኣብ ሓንቲ እንዳ ፎርኖ'ውን ከም መናጀር ኮይነ ሰሪሐ እየ።

-ጸቡቕ። እሞ ስራሕ ክትመጺ ትኽእሊ።

-ሕራይ። ኣድራሻ ናይ ስራሕ ልኣኽለይ።

ታደሰ ናብ ሞባይሉ ብምልዓል ናብ ሚሮን ዓርኩ ደወለ።

ሚሮን ሞባይሉ ደምጺ ምስ ኣሰምዐት፡ ስም ደዋሊ ከየረአየ፡ "ኣንታ እዛ ተሌፎን ክየጸዋ'ደ! ሰላም እምበር ስኢኑ' በለ ብምንጽርጻር። ስም ደዋሊ ምስ ረአየ ግን ፍኹስ ኢልዎ፡ "ሄለው ዓርከ፡ ከመይ ወዓልካ?"

ክሉ ሰላም እዩ። ስራሕ እንታይ ገይርካ? ሓደሽቲ ሰራሕተኛታት ቈጺርካ'ዶ?

-ኣንታ! እቶም ክልተ ቀድም ዝበሩ ተመሊሶም ኣለው እንደየም። እንተኾነ ኣማሪጺ ስኢነምበር፤ ንፉዓት ኣይኮኑን።

-ሕጂ! እትን እትን ጉዲፍካ ተሰፋይ ክሳብ ዝመጽካ ዓቅሊ ገይርካ፡ ነቲ ስራሕ ከም ዝሕዝዎ ግበር።

-ኣይፈለጥኩዎምን! ሰብ ኣይተሩን እዚኦም፡ ደጣዞም ጥራይ እዮም ዝጽብጽቡ። ኣብ ሰራሕን ናይ ስራሕ ንብረትን ሓልዮት የብሎምን።

-ብዞባ ባህሪኦም፡ ሕጂ ንዓኻ ኣየገድሰካን እዩ። ኣብቲ ናይ ስራሕን ንብረትን ከኣ ህድእ ኢልካ ኣረድኣዮም።

-ኣንታ! እንታይ ፈሊጠ ኢልካኒ ኢኻ? እዛ ስራሕ ከቢዳትኒ ኣላ። ናይ ሰልፋና'ኸ እንታይ ገይርካ?

-እዋእ! ንዓ'ባ ሰብ ኩን። ሕጂ ብዛዕባ ሰልፋና ትሓስበሉ ግዜ ኣይኮነን። ንዓኻን ንስድራቤትካን ዝጥወር ትካል ከይፈረስካ ጸግን። ብሓደ እግርካ ክትረግጽ ኣይትፈትን። ትብዕ ኢልካ ነዛ ስራሕ ወጽኣያ። ጉዳይ ሰልፋና ናባ ዝኸደና የብሉን።

-ሃደሽደሽ ደበል! መዕረፍኩ እኳ።

-ብስምዒት ምዝራብ ጉዲፍካ፡ ጸቡቕ ክትሓስብ ፈትን። ካብ ሽግርካ ስለዝዕደምካ ሽግር ዝበድረካ ከትማስሉ። እኳ ደኣ ሽው ኢኻ ክትሕይል ዝግባእ። ንሽግራትካን ድኽመትካን ብዘዮባእ ኣለሊኻ ደሞ መፍትሒ ተናዩ።

ብዓኻ! ኢሉካ ናተይ ሽግር ዝፍታሕ ኣይኮነን።

ዘይፍታሕ ሽግር ስለዘየሎ። ኣእምሮኻ ኣይትዕፅዩ። እቲ ቀንዲ ጸገም ካብዛ ትካል ሓንሳብ ክትሃድም ስለዝፈተንካ ኢኻ ንዝሑ-ርእሰኻ ወጠርካ ሒዝካዮ ዘለኻ። እቲ ሽግር ኣብ ኣብ ኣተሓሳስባኻ እዩ ዘሎ እምበር እዚ ዓርክይ ዝርእ ሽግር የብልካን።

-ኣንታ! ብኣፍካ ደኣ ኩሉ ጥዑም። ኣብ ተግባር እዩ ምፍሻን ኣብዩና ዘሎ እምበር።

-ሚሮን ዓርከይ፡ እንታይ ኴንካ ኢኻ? ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ትምለስ ዘለኻ?

-ረኺበዮ ዘለኹ ሽግርኩ ካልእ ሰብ ኣይረኸቦን።

-ከምዚ ንስኻ ካብ ጸጋ ዘለዎ ስድራቤት ዝተወለድካዮ ኸኣ ማንም ሰብ ዝረኸቦ ኣይኮነን።

-ንዓይ ዘዋርድ መልሰስ ኣይትሰጠንን ኢኻ።

-ሓቂ እየ ተዛሪበ። ጸጋኻ ፈሊጥካ ንህይወት ቡቲ ቅኑዕ መንገዲ ክትግዝእ እንተ ትፍትን፡ ሓገዝ ናይዛ ምድሪ ካብቶም ዘተፍሉ ሰብት ምኾንካ ነይርካ።

ሰለ'ዚ፡ ናባይ ኢኻ ትደርብዮ ዘለኻ እቲ ጌጋ? ተረዲኡካ ኣሎ'ዶ ትዛረቦ ዘለኻ?

-ሓቂ'ዩ ዘረብየ። ቀሰልኻ ክገድኣካ ኣለ ኣይደንኹን። እቲ ሽግር ባዕልኻ ትፈጥሮ ከም ዘለኻን እቲ መፍትሒኡ ከኣ ኣብ ኢድካ ከም ዘሎን ክረድኣካ ስለዝደለኹ እዩ።

-ኣላ ንሸኻ! ኣብ እንዳ ወርቂ ኮፍ ኢልካ እንዳ ወዓልካ ማለት ሽግረይ ካብዩ ይቅሕል ኣይፈለጥካዮን። ሓደ መዓልቲ ኣብዛ እንዳ ፎርኖ እንተ ትውዕል - ምፍጣርካ ምጸላእካ ነይርካ።

ሰራሕ እንደዩ እንታይ ኮይኑ ምፍጣረይ ክጸልእ?

ካልእ እትረፍ፡ ዓርክኻ ጠንጢናትካ ምኸደት ነይራ።

-መሰረቱ እቲ ቀንዲ ሽግርካ ኣብ ኣተሓሳስባካ እዩ ዘሎ። እንዳ ፎርኖ ስለዘስራሕካ ሰልፋና ካብዩ ትሃድም ዘላ ዝብል ጌጋ ቅማረ ሓሳብ ስለዝተኸተልካ ኢኻ ኣብ ደረጃ ጭንቀትን ብስጭትን ወሪድካ ዘለኻ'ምበር ከምቲ ወለድኻ ዘጽንሑልካ ጸጋ ደኣ ጭንቀት ኣብ ጥቓኻ ክትቀርብ ዘይግባእ።

-ንዓ በጃኻ! ካብዚ ርእሰይ ውረድ።

-ንጌጋኻ ዘይምቕባልካ ካብ ጌጋኻ ንመጺእ ዘይምፍታኻ እዩ እዚ ኹሉ ጸቕጢ መጺኡካ ዘሎ። ሰለዚ ጌጋኻ እናፈለጥካ ኣብቲ ጌጋ ክትኣብር ምሕሳብካ ከኣ እዩ እቲ ንዓይ ዘሕርቐኒ ዘሎ።

-ኣንታ! እናፈለጥኩ እናፈለጥካ ኢልካ ኣተዋርደኒ። ክትፈልጥ! ኣነ ጌጋ ዝበሃል የብለይን። ብሽኻ እዛ እንዳ ፎርኖ እያ ወርደት ዝቐበል ዘለኹ።

-ብዘኾነ ናይ ምሽት ንራኸብ ኣብ ቦታና። ጸቡቕ ገይርና ክንዕልል።

ሰልፋና፡ "እንታይ ከምዝዝርብ እዩ ሓርቢቲኺ ዘሎ መሓዛይ?"

ራህዋ፡ "ናህም ናጥኪ ልቡ ኣውዲቑ እንክሎ ከረው ኣቢልኪ ሓዝዮ። ደሓር ከኣ ኣነ ዝደለየቶ ትካል ቀድሚ ምምርዓውና ብስማ ክከፍተላ እየ ዝብል ዘሎ። ጸቡሕ መጺኡ እዩ ተቐሪብልኪ ዘሎ። ኣቤት! ተራእዩኒ እንደየ። ኣብዚ ኣስመራ ራሻፎርኪ ገይርኪ ሽዝን ክትብሊ።"

-ኣንቲ ከሉም ሓደ እየም እዚኦም። ኣፎም እምበር ተግባርም ክቕድም ኣይረኣናን።

"እሞ ካብ ንሚሮን ኩዓሚቱ ትኾኒ ምስ ናህም ወናኒት ትካል ይሕሸኪ በሊት እዩ። ደሓር ከኣ ዋላ ሚሮን ክቐንኡ ክኸዩልኪ እንተ ደለኪ'ኑ ምስ ናህም ሕግዝዮዝብ ክትብሊ ክርእየኪ ኣሎዋ" ብምባል - ኣብ ፍረ ይብጽሕ ኣይብጽሕ ብዘየገድሰ ኑታ ናይ ናህም፡ 'መዓስ ድያ ክትድውለለይ?' ትብል ዘረባ ንምምድማስ - ዝበረት ገይራ ከተራኽቦም ሃቀት።

"ንሱስ ጸቡቕ ኣለኺ። እንተኾኑ" ብምባል - ዘረባ ኣቋሪጻ ዝን በለት።

"እንተኾነ" ኣይትበሊ። ከም ባህግና ንኸሉ ዕድመ ኢና በጺሕና። ደሓር ከኣ ካብዚ ምስ ማማኺ ወገሐ ጸብሐ ትቋኖቖዮ ዘለኺ። እልይ ኢልኪ፡ ናትኪ ህይወት ስለዝትኻሕኩሉ "እቶ" በሉ።

ሄዋን "ከመይ ወዒልካ?" ብምባል - ኢዳ ንሰላምታ ዘርግሐት።


ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፡ "በዚ ኮፍ በሊ" ብምባል - ኣስዕብ ኣቢሉ፡ "እንታይ ክንሕግዘኪ" በላ ምቕልል ኢሉ።

-ደዊለልካ ጸኒሐ ነይረ። ሄዋን እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኹ፡ ስራሕ እየ ደልየ መጺአ።

-ናይ ሰራሕተኛታት ሃጓፍ ኣለና። እንተኾኑ እዚ ስራሕ ናይ ጉልበት ስራሕ ዝጠልብ ስለዝኾኑ ስክፍታ ኣለኒ።

"ኣይትሰከፍ። እዚ ስራሕ ኣዝዩ ዝፈትዎ ሞያ እዩ። ደሓር ከኣ ጸቡቕ ናይ ስራሕ ልምዲ ስለዘለኒ - ብጅፈት ስርሐይ ክትሕጎስ ኢኻ" ብምባል ክምስ በለት።

-ሕራይ። ሰዓታት ስራሕና ዝ ይመስለ



ትመርሐ።

-እንደዒ በጃኺ! ናጽነት እኮ ሰኢነ። እምበር እዚ ዝበልክዮ ክሓይሽ እዩ ካብ ቦርሳ ተኸልኩልካ ፍረ ዘይብሉ ኮሎልስ። ቡቲ ሓደ ወገን ከኣ ሚሮን'ውን ቀሊሉ ገለ እንተ ገበረ።

ሰሓቕ፡ "መረጽኪ እምበር ሰም ኢልኪ ኣይኩንክን ክትምርዓዊ ዘለኪ። ሰለዚ ዝመረጽክዮ ልቢኺ ዘረሰርስ ካብ ዘዩተኑ ልቢኺ ብፍቕሪ ዘማሙቕ ክትደልዩ ግድን እዩ። ንድሊታትኪ ከኣ ናህም ጥራይ እዩ ከማልኣልኪ ዝኽእል። ሚሮን መመላእታ ገይርኪ ሕሰብዮ። እንተ ዝደልየኪ'ኑ ካብ ኣዱ እናፈረኪ ሰቅ ኢሉ እዩ ርእዩኪ።"

-ሚሮን ደኣ ተውሳኺ። ህይወቱ'ኳ ከመርሕ ዘይኽእል።

ክምስ ድሕሪ ምባል፡ 'ዝሓሰብክዮ ክስልጥ እዩ' በለት ብውሽጣ፡ "ንዓና ንደቀንስትዮ ዝጸዕርና ዘሎ'ኳ፡ ዝቐረብና ወዲ ከም ዘይኩና እናፈለጥና እንኽለና፡ ምስኡ ሰቅ ኢልና ግዜ ንበልዕ። ደሓር ናብ ዘይተደልየ ንወድቕ።"

-ከምዚ ኣነ ዘለኹዎ።

-መሓዛይ፡ ንሸኺ ደኣ ዘይተዛሸኺ። እኳ ደኣ ተበለጽክሉ ኢኺ። ቀሩብ ከም ዊንታኺ ስለዘይኮነ እዩ እታ ክሳራ እምበር።

-እው ኣነ ምስ ሚሮን ክሱር ዓቢ ሕልሚ እየ ገይረ ነይረ። እንተኾነ 'ኣዴኻ ከም ዝለኣኽትካ ዘይትሰ ዕዳጋ ከም ዝጸንሓትካ'ዩ' ደዩ ዝበሃል። ኣነ ኸኣ ግድን ንዓይ ዝኸውንን ንህበይ ዝምልእን ሃሰው ክብል ተገዲደ ኣለኹ።

-እታ ሓቂ እዛ ዝበልክየ እያ። ሕጂ ግዜ ኣይተቕተሊ ልቢ ናህም ሰማይ ኣብጽሒዮ፡ በዚ ምቅር ቃላትኪ ገይርኪ።

"ከምኡ ይሓይሽ ኢልኪ" ክትብልን ብዓዓር ብሰሓቕ ክርትም ክበላን ሓደ ኾኑ።

ሚሮን ኣብ ቤትጽሕፈት ናይቲ እንዳ ፎርኖ ኮይኑ እንዳ ሰርሑ ማዕጾ

" ብምባል ወረቐት ኣቐበላ፡ "በዚ ሰዓታት ደሰማማዕ'የ እንተ ኢልኪ፡ መጀመሪ ደሞዝ ኣብ ታሕቲ ኣሎኪ ረኣዩዮ - ስራሕ ክትጀምሪ ትኽእሊ ኢኺ። ካልእ ደሞዝ ሰርሕተኛታት ምስ ግዜ ከም መንፍዓቶም እናዓበየ ከም ዝመጽእ ፈሊጥኪ ከኣ ህርኩቲ ሰራሕተኛ ኩኒ።

-ግድን፡ ከምዚ ኣቐዲመ ዝበልኩኹ፡ ዝፈትዎ ሞያ ስለዝኾኑ ከም ናይ ፒካሶ ቅብኣ ይቕበእ ከም ዘለኹ ሓሰበ ብጥንቃቐን ብህታን እየ ክሰርሖ። ኣማን ብኣማን ደሞ ብስርሐይ ክትምዕብ ኢኻ። ብፍቕሪ እየ ኸኣ ክሰርሖ።

-ኣብ ንዝሑ-ርእሰኺ ዘለኺ ርእሱተኣማንነት ኣዝዩ እዩ ዝማስጠኒ። ልዕሊ ኩሉ ባህ ዝበለኒ፡ ብዘይቀልዓለም ከምሪኺ ኸኣ ብፍቕሪ ክትሰርሒ ድልውቲ ምህላውኪ እዩ። ንተሰፋይ ኣዘኻኸርክኒ። እንታይ እሞ ክየብሰየ። እዚ ኹሉ መንፍዓቱ እንደሞ ብጥልመት ዛዚምዎ" ብምባል ርእሱ ኣደነነ።

-ኣብዚ ደዩ ምሳኻ ዝሰርሕ ነይሩ ኮይኑ?

-እወ። ሰርሕተኛ ጥራይ ዘይኮነ ዋንነት ተሰሚዕዎ ብሓላፍነት ዝሰርሕ ሰራሕተኛ እዩ ነይሩ።

-ህይወት ከምኡ እያ። እቲ ሓደ ማዕጾ ክዕጸውና እንክሎ እቲ ሓደ ማዕጾ ከምዝርሓወልና ኣስተውዕል። ሰለዚ ኣነ ካብዚ ስሙ ትጽውዖ ዘለኻ ሰራሕተኛ ንላዕሊ - ክኸውልካ እየ።

-ኣንቲ! እዚ መልሓስኪ ክንደይ ይጥዕም እዩ። በሊ ከም ኣፍኪ ይግበረልና" ብምባል - ንስራሕ ዝኸውን በጃ ክዳን ካብ መኻዚኖ ኣውጺኡ ሃባ።

ሚሮን ኣብቲ ዝኣተዎ ባር ማስተ ክጽርሖ ግዜ ኣይወሰደሉን። ናብ ተሰፋይ ደዊሉ ምስ ተቐበሎ፡ 'መን ክብል?' ኢሉ ምቕባሉ ከይኣኽለ፡ 'ይቕሬታ ኣይትሓዘለይ ኣይፈለጥኩኻን። እዛ ቀጽሪ ሞባይል'ውን ኣይፈልጣን'የ' ስለዝበሎ - ብሕርቃን ንድድ ኢሉ እዩ መውጽኢ ሕርቃኑ ኣብ ማስተ ዘውጽኦ ነይሩ። 'ኣይፈልጠካን እዩ ኸኣ መን ኢኻ ክብለኒ? ኣንታ! ዘይስወምዖ የብለይ። ቅጫ ወለደይ በለዕ ሰብ ማሰለሱ ከምዚ ከይሩ ክኽሕደኒ። ፈጺመ ኣይገድፎን እየ። ኣብቲ ዘለዎ ቦታ ከይደ ከጥርዶ ኣለኒ። እዚ ድኻ መደኽደኽ'ሰ ከምዚ ኢሉ ንዓይ ክምልሰለይ። እዋይ! ጥበ እንቋዕ ኣይትሰምዐ። እዛ ዓለም ክንደይ ዝበልዕሉ ጻሕሊ ሰየርም ዝኸዱ ሰብት እያ ጺዩራ ዘላ። ቀሩብ ከኣ ኣይራፍርን። ኣንታ! ዝገደደ ኢኻ'ባ ትሰምዕ። ሕጂ! እንታይ እዩ ዝገብሮ? እዚ ወዲ ንድሕሪት እምበር መለሱኒ። መከራ ህይወት እምበር ደድሕረይ እናኸደ ምጉዓፍ ኣብዩኒ። በቃ! ወርደተይ ኣኺሉ እዩ።

ናይ ሰልፋና ጥልመትን ክሕደትን ከይኣኽለኒ፡ ናይዚ ድኻ ከኣ ክሽፍኣኒ' ብምባል - ደጊሚ ናብ ተሰፋይ ካብ ምድዋል ኣየዕረፈን። መልሲ ክረክብ ስለዘይከኣለ ግን ኑታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት ሞባይል'ውን ብሕርቃን ክደርብዮ ዝተርፎ ኣይነበረን። ካብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ብኬሪ ዝሓዘ በራ ግሽም ኣቢሉ ድሕሪ ምስታይ፡ 'ኣብዚ ግዜ እዚኣ ታደሰ ዓርከይ እዩ ኣብ ጉድኒይ ክህሉ ነይርዎ። እንተኾኑ ታደሰ ኸኣ ምኽሪ እንድዩ ዘብዝሕ ኮይኑ። ደሓር ከኣ እቲ ጌጋ ናባይ ጥራይ ዝድርብዮ ኮይኑ። ናይዛ ሓዳስ ሰራሕተኛይ ይጥዕም፡ 'እቲ ሓደ ማዕጾ እንተ ተዓጽዩና፡ እቲ ሓደ ማዕጾ ይረሓወና'ዩ' ድያ ዝበለት - መቸም ናትኪ ምኽሪ ይሓይሽ' ብምባል ኣዕሚቑ ኣስተንፈሰ።

ከምዚ ኢልካስ ክሳብ መዓስ እዩ ክነብር? ዘሰኣንክዎ ዘይብለየሰ፡ ብፍቕርን ንስራሕን ክዋረድ። ጥዑ ሃሲኻኒ። ብኻ! እዛ ትካል እዚኣስ ተረፊትና። ካብ ጥቕማ ወርደታ በዚሑኒ። ከምዚ ኢልካ ክኸየድ ኣይክእልን እዩ። ሓዳኡ ክዝብር ኣሎኒ። ኣብ መንጎ ስድራቤተይን ሰልፋናን ተቐርቂረ ናብ ዘይወጾ ዓዘቕቲ ክሽመም ኣይኮንኩን። ሓዳኡ ክውሰን ኣሎኒ" ብምባል - ብዮማናይ ኢዱ ኑቲ ጠረሙዛ መሊኡ ዝበረ ጠረጴዛ ክዝርጥን ጨርባሕባሕ ዝበል ናይ ጠረሙዛ ደምጺ ክሰማዕን ሓደ ኾነ።

ይቕጽል

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:10 | ድራማ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሌስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሽዕበት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ፋጥማ እድሪስ ሳልሕ፥ ሓብተይ የሰም ኑርሒሴን ሻሸም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ27/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ስመይ፥ ሙሴ ሃብቶም ደብሳይ ምባል ተረፉ፥ ሻም ሃብቶም ደብሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/22 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

ምለክ ኣዩብ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ኣምና መሓመድ ምባል ተረፉ፥ ኣምና ኣብር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/22 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ መጋብኢያ ቁ.37ይቕረብ፡፡

ፈሩዝ ተኽለም የሴፍ ምባል ተረፉ፥ ወይኒ ተኽለም የሴፍ ተባሂሉ፥ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/22 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣዜብ ትኩእ ኣብርሃ፥ ወላዲተይ ኣበባ ሃይለማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና፡ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ የውሃና ማሕለለ ኣየለ፥ በዓል ቤተይ የሴፍ ገብረየውሃንስ ክፍሉ ስለ ዝተሰውአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ሙሉጌታ ለገሰ ገብረሚካኤል፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ልዋም መዝገበ ተስፋስላሴ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ ብኣድራሻኣ ስለ ዘይተረኽበት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪላ ን2/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኣቶ ሰዒድ ጣሀር ኣደም፥ ኣደይ ወብት ይሕደጎ ምሕረትኣብ ስለዝዓረፈት ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳና ይረጋገጸልና ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ኣቤሰሎም ኣስፍሃ በራኺ፥ ኣደይ ሃና ሃብተ ወልደኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳና ይረጋገጸልና፡ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጺጋ ተስፋማርያም ደብረጽዮን፥ በዓል ቤተይ ሌ/ኮ ጠዓመ ፍስሃ ሰባሁ፥ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 11 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋሽ ጺጋይ ወልደገርግስ፥ ወኪል የውሃንስ ወልደገርግስ ወልደሙሴ፥ ወለደይ ጺጋይ ወልደገርግስ ወልደሙሴን ሉተብርሃን ወልደገርግስን ስለ ዝዓረፉ፥ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መርሃዊ ሓጎስ ጭሩምን ወ/ሮ ህድኣት ተኽለ ባህቲ ወድና ኣቤል መርሃዊ ሓጎስ ስለዝተሰወአ ንሕና ኣመልከትቲ ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ፋሲል ሞገስ ካሕሳይ፥ ወላዲተይ ወ/ሮ ተኽለ ሃብቱ ቀላቲ ስለ ዝዓረፈት ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሮማ ገብረመስቀል ንጉሰ፥ ወለደይ ገብረመስቀል ንጉሰ መድህንን ጸሃይቱ ኣስገዶም መሻሾን ስለ ዝዓረፉ፥ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣ'ኽርያ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ተስፋማርያም ገ/ማርያምን ተኸሳሲት ነ/ሄር ትብለጽ ኢሳቕ ባይሞትን ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ወኪል ን3/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም ኣብ ዘየልኹምሉ ውሳነ ክሀበሉ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰምበል

ድያቆን ሳምሶም ኣብርሃም እማኑ፥ ኣቦይ ኣብርሃም እማን ስለ ዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳ ሰለሙን ኣርኣያ፡ በዓል ቤተይ ተስፋይ ወልዳይ መድህን ስለ ዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ደቅና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሸከቲ

ኣቶ ሰለሙን ሰመረ ዑቕባጋብር፥ ሓብተይ ወ/ሮ ንግስቲ ሰመረ ዑቕባጋብር ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 2 ኣሕዋተይን 2 ተተካእቲን ናይ ስውእ ሓውና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ሃብቶም ገብረእግዚኣብሄር፥ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ኣቶ ገብረትንሳኤ ባህታ ገብረማርያም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ን24/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ በየን ስራጅ ዓብደልቃድርን ወ/ሮ ኤደን ተወልደመድህንን፥ ስም ትሕቲ ዕድመ ወድና ናታን ሙሉእ ኣለም ጉኑት ምባል ተረፉ፥ ናታን በየን ስራጅ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/22 ኣብ 4ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላስ ወልደእንድርያስ ወልደገብርኤል፥ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ገብረትንሳኤ ገብረክርስቶስ ገብረእንድርያስ ይጽወዓለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ እዝጋኣምን ተኽሉብርሃን ገብሩ በዓል ቤተይ ኮ/ል ሃይለ ባቤ ሓጎስ ስለ ዝተሰወአ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 12 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ጸሃይቱ ወልደሚካኤል ገብረኣምላኽ እተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ዓዲቀ (ጋላ ነፍሒ) ብምኻድ ዝቐበርኩሙና፡ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙናን ብምምስጋኑ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን



## ምስጋና

ብሞት ሓውና ነፍስሄር ፍጹም ገብረሂወት ኣብርሃም እተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ሬሳኡ ካብ ስዑዲ ናብ ኤርትራ ከም ዝኣቱ ዝተሓባበርኩምናን ኣብ ቤትመቓብር ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡፡

ስድራቤት፦
ሃይለሚካኤል ገብረሂወት
ዑቕባይ ገብረሂወት
ተኽለ ገብረሂወት
ኢትዮጵያ ገብረሂወት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ኣበባ ዑ/ጋብር ሃ/ማርያም፡ በዓልቲ ቤቶም ንእ/ሄር እስቲፋኖስ በራኺ ዝተሰምዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ተመላሊስኩም ዝበጻሕኩማ፥ ኣብ ግዜ ዕረፍታ በለዛ ዘቃበርኩምና ካብ ወሽጥን ወጻእን ሃገር ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ዝደበስኩሙናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ደቃ ፦
ሲ/ር ሕርይቲ እስቲፋኖስ
ትብለጽ እስቲፋኖስ
ጉኑት እስቲፋኖስ
ሰላስ እስቲፋኖስ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፥ ስጋ፡ በርበረን ሽሮን ምስ ቀመሙ ኣስቤዛ ሕሙማት
ዕድጊ፦ ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ
ኣርእስቲ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ እሱራት
ኣገባብ ዕድጊ፥ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ ንዓመት 2023 ካብ ወርሒ 1/2023 ክሳብ ወርሒ 12/2023 ኣብ ትሕቲኡ ንዘርከቡ እሱራት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡
1. ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ ኣስቤዛ ስጋ፡ በርበረን ሽሮን ምስ ቀመሙ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ኮይኑ፥ ናይ ዓመት 2021 ክሊራንስ መንነት የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኣገ/ማእ/ ተሃ/ኤርትራ ኣብ ቁጽሪ 12 ካብ ቤ/ጽ ፋይናንስ ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰነድ ዕለት 31/10/22 ሰዓት 8:30 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ፥ ሕጋውያን ወኪልትን ክስተፉ ዝደልዩ ሰብን ኣብ ዝተረኽብሉ፥ ስነስርዓት ኣኸፋታ ጨረታ ንኽዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ን31/10/22 ሰዓት 10:00 ኣብ ቤ/ጽ ኣገ/ማእ/ተሃ/ኤርትራ ጨ/ምም/ፋይናንስ ቁጽሪ 03 ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (bid security) (cpo) 30,000.00 (ሰላሳ ሽሕ) ናቕፋ ክስነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲ ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ኣገ/ማእ/ተሃ/ ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡
ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ
Eritrean prison and rehabilitation service p.o.box 712 Asmara - Eritrea tel. no. 161747/122645/161294/161253

ኣቶ ሞገስ ወልደገብርኤል ክፍሉ፥ ካብ ወለድና ነፍስሄር ወልደገብርኤል ክፍሉን ነ/ሄርት ማዝሌት ገብረስላሴን ብውርሲ ዝረኸብናዮ ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ሎት 11፡ ፓርሰል B፡ ቁ. ምስክር ወረቐት 530673 መወከሲ ቁ.530984 ብስም ወረስቲ ዝተመዝገበ፥ ብዘሒ ክፍሊታት 2ተ ቀንዲ፥ 1 ተሓጋጋዚ፥ ብጽሒት ናይ ኣሕዋተይ ስለዝዓደግክዎ፡ ናብ ስመይ ከሰግሮ ስለዝኾንኩ፥ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጻሉ፥ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ፥ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ፡ ኣብ ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ ብዘሎ መተኣማመኒ ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምኳነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ሞገስ ወልደገብርኤል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ስመይ የርዳኖስ ተኽለት ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ተኽለት ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/22/ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

የርዳኖስ ረድኢ፡ በዓልቤተይ በየን ግርማይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ለተኺዳን ወልደሚካኤል ንገሰ፡ በዓልቤተይ ነጋሲ ገብረስላሴ ተከኤ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለምለም ተኽልዝጊ ኣብርሃም፡ ኣቦይ ኣፍ/ሄር ተኽልዝጊ ኣብርሃም እያሱ 2 ኣደይ ነ/ፍ ኣልጋሽ ነጋሽ መዃ ስለዝዓረፉ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ሙኻና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ኣዜብ ጠዓመ ሃይሉ፡ ወለደይ ጠዓመ ሃይለ መሓሪ ከምኡ'ውን ኣቦ ሃብተማርያም ገብረስላሴ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተጋ/ ደርጋኣለም ደበሳይ እምነቱ፡ ወለደይ ደበሳይ እምነቱ ሳሙኤልን ደሃብ ጭሩም ገብሩን ዝበደፋለይ ለዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ርሻን ገብረሂወት የውሃንስ፡ በዓል-ቤተይ ኣማኒኤል መብራህቱ፡ እዝዘ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ለምለም በየነ ገብረማርያም፡ ሓብተይ ወ/ሮ ሂወት በየነ ገብረማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1መዋቲ ሓወይ፡ ተተኻእቲ 2 ደቂ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ጸገሬዳ ኣማኑኤል ወልደስላሴ፡ ወደይ ቶማስ እስቲፋኖስ ዑቕባይ ስለ ዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ምስ ወላዲኡ እስቲፋኖስ ዑቕባይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኳዜን

ወ/ሮ ምሕረት የማን ኣርኣያ፡ በዓልቤተይ እርማስ ዘርኣ ስለዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ናጽነት ኢሳቕ ፍስሃ፡ በዓልቤተይ ኣቶ ጺጋይ ኣወቀ ገብረማርያም ካብ ገዛኡ ምስ ወጸ ስለ ዘይተመልሰ ናይ ጥፉእ ውሳነ ይወሃበኒ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስመይ ለተንገስ ገብረማርያም ገብረእየሱስ ገብረእየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ለተንገስ ገብረማርያም ገብረእየሱስ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ስመይ መንኾሳ ኣማረ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ መንግስትኣብ ኣማረ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መሓሪ ተስፋጽዮን ተከኤ ኣፍ/ር ሐጐስ፡ ወ/ሮ ሓድጉ ተስፋጽዮን ተከኤ ብህይወታ ከላ ኣብ ባንክ ኣብይትን ንግድን ብቁ/ተጠራቓሚ ሕሳብ 84637-2 ተቐሚጡ ዝርከብ ገንዘብን ኣብ ከተማ መንደፈራ ዞባ ምዕራብ ምም/ን/ዞባ ከቢ. 04 ኣብ ዝርከብ መንበሪ ገዛኣን ዝርከብ ተንቀሳቓሲ ንብረት፡ ካብ ተራ ቁ.1 ክሳብ ተራ ቁ.10 ተዘርዚሩ፡ ድሕሪ ሞታ ኣነ ወረሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ት/ዕድመ ሰሊና ሃይለ ኣርኣያ፡ ብወላዲታ ወ/ሮ ንግስቲ ኣብርሃ ኣቢሉ ሰሊና ሃይለ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ፊሩዝ ሃይለስላሴ ዑቕባሚካኤል የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ማዕበል ገብረማርያም መልኣከ ፡ ብወላዲኡ ኣቶ ግሩም መልኣከ ኣቢሉ፡ ማዕበል መልኣከ ምባል ተሪፉ፡ የውሃንስ ግሩም መልኣከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/22 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ እንቋቑሖ፡ ጸባ)

ዓይነት፡ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ

ኣርእስቲ ውዕሊ፡ ውዕሊ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ንዓመት 2023 ካብ ወርሒ 01/2023 ክሳብ ወርሒ 12/2023 ንኣብላት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክዕድግ ስለዝደለየ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ እንቋቑሖ፡ ጸባ) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተወዳደርቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመት 2021 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተወዳደርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓይሊ ኣየር - ግርማይ ሃብተሚካኤል 181400 ወይ 181857 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 31/10/2022 ሰዓት 9:30 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተወዳደርቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቶም ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፡ ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ዕለት 31/10/2022 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግሎጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 50,000.00 ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ ክስነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ እተሓለወ እዩ፡፡

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ

ካፕቴን መድሃኔ በረኸት ኣቦመንበር ኮሚቲ

ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ - ኤርትራ

ቴሌፎን 181400/181857

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከቡ ስፖርተኛታት ኣብ ግዜ ልምምድን ጸወታን ክጥቀሙሉ ስለዝደለዩ ግዱሳት ሕጋውያን ኣብያተ መግቢ ዝ. ኣብ ታሕቲ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት ዘማልኡ ግዱሳት ተወዳደርቲ ይዕድም፡፡

ተወዳደርቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ናይ 2022 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ፎቶ ኮፒ ናይዚ ፍቓድ ንግዲ ምስ ቅዳሕ መንነት የቕርቡ፡፡
2. ናይ ጨረታ ሰነድ ናቕፋ 50.00 (ዘይምለስ) ብምኽፋል ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኩ/ህ/ሰገን፡ ጉደና ብደሆ፡ ቁ.ገዛ 50-52 ክፍሊ ፋይናንስ ምውሳድ ይከኣል፡፡
3. ተወዳደርቲ ናይ ጨረታ ዘቕርቦ ዋጋታት ብሰታሪት ብዝበጽሐ ዓሺጉ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት የረክቡ፡፡
4. ተወዳደርቲ ንመኽበሪ ጨረታ ናይ ናቕፋ 50,000 ቸክ (c.p.o) ዝምልስ የቕርቡ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ 10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 11 መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀትሪ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትና ይኽፈት፡፡
6. ኩባንያና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተደኣ ረኺቡ ነዚ ጨረታ'ዚ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ተስፋይ ጉይትኦም

ዋና ኣካያዲ ስራሕ

ኣነ ወ/ሮ ጅምዓ ሰዒድ ዓብደላ እንኮ ወራሲት መዋቲ ሓወይ ያሲን ሰዒድ ዓብደላ ምኻነይ፡ ብቤ/ፍ ሸሪዓ ዞባ ማእከል፡ ብዕለት 15/06/2022 ብቁ/ፋይል 703/2022 ተረጋጊጹ፡፡ መዋቲ ሓወይ ካብ ኩባንያ ህንጻ ገደም ዝረኸቦ እስትሕጋግ ይኹን ካልእ ማስላት ንዓይ ጥራይ ስለዝምልከት፡ ይብጽሓኒ እዩ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ኣብ ቤ/ጽ ኩባንያ ህንጻ ገደም ተቓውሞ ሒዙ ይቕረብ፡፡ ምስ ዘይቀርብ ድማ መሰለይ ክጥቀመሉ ምኻነይ የፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ጅምዓ ሰዒድ ዓብደላ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመሙን

ዓይነት፦ ቤት ትምህርቲ ሕርሻ ቴክኒክን - ሓጋዝ

ኣርእስቲ ውዕሊ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ


ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን - ሓጋዝ ንዓመት ትምህርቲ 2023 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክዕድግ ስለዝደለየ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመሙን ብዕሹግ ደብዳቤ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት'ዩ፡፡
3. ተወዳደርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን ናይ ዓመት 2021 ክሊራንስ የቕርቡ፡፡
4. ተወዳደርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨ/ሓ/ኣገልግሎት ዕድግን ኣብ ቁጽሪ 20 ወይ ብቁ.ቴሌ 200593 ሰነድን ሓበሬታን ጨረታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ( ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክሳብ ዕለት 7/11/2022 ሰዓት 9:30 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተወዳደርቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፡ ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣደራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ (ጨ/ሓ/ኣገ/ዕድግን) ዕለት 7/11/2022 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግሎጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ c.p.o 50,000.00 ናቕፋ (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክስነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ ብመምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ (ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ እተሓለወ ኢዩ፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ

ቴሌፎን 200593



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ውድድር ኩዕሶ ሰኪዔት፡ ኣብ ሓያል ናይ መዛዘሚ ውድድር!

ብሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰክዔት ኤርትራ ንሓደ ሰሙን መመላእታ ክካየድ ዝቖየ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ኣብ ሜዳ ቦቸፊላ - ኣስመራ ብዝካየድ ክልተ ጸወታታት ክዛዘም ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ። ኣብዚ "ዕቤት ኩዕሶ ሰኪዔት ብሃገራዊ ውድድር" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክካየድ ዝቖየ ውድድር፡ ጋንታታት ዞባ ማእከልን ደንደንን ዓብለልቲ ኮይነን ከም ዝቐረባ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ከም ወጽኢቱ ኸኣ ኣብዚ ናይ ሎሚ ናይ መዛዘሚ ውድድር ብኽልቲኡ ጾታ ዞባ ማእከልን ደንደንን እየ ተራኺበን ዘለዋ።

እዘን ክልተ ጋንታታት ኣቐዲመን ኣብ ናይ ዙርያ ውድር ኣብ ዝተራኸባሉ፡ ዞባ ማእከል ብኽልቲኡ ጾታ ተዓዊታ ምንባራ ይፍለጥ። ይኹን'ምበር እዚ ዓወት ኣብዚ ናይ ሎሚ መዛዘሚ ውድድር ዘዚ ከም ዘይተካ ፈላጥት ጸወታ ኩዕሶ ሰኪዔት የጠንቅቑ። ዞባ ማእከል ብሓሙስ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዙርያ ውድድር፡ ንብሉጽ ተጻዋታያ ኣሮን ዘካርያስ ብሽንኪ ናይ ኢድ ማህረምቲ ከምዝተሰረተ ዝፍለጥ እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ደጊማ ምስ እትሽሰር ኸኣ ካብ ደንደን ከቢድ ብድሆ ኪጋጥማ ከም ዝኽእል ይሕበር።

ኣሰልጣኒ ክሉብ ደንደን ኣቤል ኣፈወርቂ (ኣቤጋ)፡ ነዚ ናይ ሎሚ መዛዘሚ ውድድር ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ዋላ እኳ ኣቐዲምና ብዙጸወትቲ ዞባ ማእከል ስዕረት ገጢምና እንተነበርና ሎሚ ግን ናይ ዝሓለፈ ጌጋና ኣሪምና ነታ ዋንጫ ኣብ ከብሕና ከም እንቕምጣ ዘጠራጥር የለን" ክብል ተዛሪቡ ኣሎ። ተጻዋታይ ጋንታ ደንደን ሰናይ ተመስገን (ማንን) ብወገኑ፡ " እዚ ውድድር ናይ ፍጻመ ብምዃኑ - ሓያል ተወዳዳርነት ከም ዝረኣዩ ርግጸኛ እየ። ዋንጫ ከም እንዓትር እውን ርግጸኛ እየ። ስለዚ፡ ተጻወትቲ ዞባ ማእከል ስዕረቶም ምቕባል ኣብዮም ከይተማስሉ ከይውዕሉ ኣይልዳሉም ክቐርቡ እላቦም" ብምባል ዘውዲ ሻምፕዮን ናይ'ዚ ሃገራዊ ውድድር ከም ዝዓትሩ ብርእሱተኣማምነት ተዛሪቡ።

ምስ'ዚ ተጻዋታይ ኣብ ሜዳ ክጠማጠም ኩሉ ምድላዋቱ ከም ዘጻፈፈ ዝሓበረ ተጻዋታይ ጋንታ ዞባ ማእከል ሳሙኤል ሲሳይ እዩ። ንሱ ስጥምቲ፡ ሞራልን ተስፋን ዘለዋ ጋንታ ከም ዘውንኑ ብምሕባር፡ ናይ ዝሓለፈ ዓውቶም ከም ዝደግምዎ ኣፍሊጡ። ኣሰልጣኒ ዞባ ማእከል ተመስገን ተስፋይ ብወገኑ - "ተጻወትተይ ምሉእ ምትእምማን ዘሀቦም ምድላዋት ገይሮም ኣለው። ዋላ'ኳ እቲ ወጽኢት ድሕሪኻ ዝፍለጥ እንተኾነ ዓወትና ርግጽ እዩ" ኢሉ ኣሎ።

እዚ ናይ መዛዘሚ ውድድር ሎሚ ኣብ ሰዓታት ንግሆ'ዩ ክካየድ። ብፍላይ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ውድድር ሓያል ምትህልላኽ ክረአዮ ብምዃኑ ኣፍቀርቲ ስፖርት ብዓቢ ኣቲኩሮ ክከታተልዎ እዮም። ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ብዘሎ ናይ ዙርያ ውድድር፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ እስራኤል ምሉጌታ ናይ ጋንታ ደንደን ብ75 ሹቶታት መሪሕነት ብሉጽ ኣመዘጊቢ ሹቶ ክሕዝ እንከሎ፡ ናይ ዓንሰባ ሄኖክ ሃብተስላሴን ናይ ዞባ ማእከል ሙሴ ጺጋይን ከኣ ብተኸታታሊ 65ን 53ን ሹቶታት ኣቑጺሮም ደስዕቦዎ ኣለው። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኸኣ ናይ ዞባ ማእከል ሶልያና ገብሩ ብ50 ሹቶታት ኣብ ቀዳማይ ክትሰርዕ እንከላ፡ ጓል ጋንታኣ ማርያም መብራህቱ ብ44 ሹቶታት ናይ ጋሽ-ባርካ ያስሚን መሓመድ ከኣ ብ39 ሹቶታት ድሕሪኣ ተሰሪዐን ኣለዋ።




## ዙር ዞባ ማእከል ጽባሕ ክኽፈት እዩ

ዓመታዊ ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተወዲቡ ዝካየድ ዙር ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ሰንበት 9 ጥቅምቲ ኣብ ጎደና



ኣፍዓበት ከቢ. እንዳ ማርያም ብዝካየድ ውድድር መጋረጃኡ ብወግዒ ክኽፈት ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። እዚ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ውድድራት ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ምዃኑ ዝእመነሉ ውድድር፡ ክሳብ 16 ጥቅምቲ ኣብ ሸሞንተ መደረኻት ተኸፋፊሉ ከም ዝካየድ፡ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። ኣብዚ ናይ ጽባሕ ሰንበት ፈላሚ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን 100 ኪሎሜተር ክሸፍኑ መደብ ክስርዓሎም እንከሎ፡ ደቂ-ኣንስትዮ 70 ኪሎሜተር፡ ጁንየር ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ 80 ኪሎሜተር ርሕቐት ክሽፍኑ'ዮም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ውድድር ዙር ዞባ ማእከል ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክን ዩዝ ዳርሶን ሎሚ ቀዳም 8 ጥቅምቲ ኣብ ኤክስፖ ከቢ. ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ ብዝካየድ ጸወታ ክዛዘም እዩ። ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ብዘሎ ውድድራት፡ ካብ ተቐዳደምቲ ክሊ. ዕድመ 13-14 - 1ይ ሚካኤል ኪዳነ ካብ ጋንታ ጎዳይፍ ብ12 ነጥቢ፡ 2ይ መድሃኔ ዘርኢት ብ8 ነጥቢ፡ 3ይ ሚካኤል ዳንኤል ብ7 ነጥቢ ክልቲኦም ካብ ጋንታ ትጸቢት ብምዃን ተመራሪሖም ይርከቡ። ብጋንታ ድማ ጋንታ ትጸቢት ብ23 ነጥቢ ክትመርሕ እንከላ፡ ጋንታ ጎዳይፍ ብ13 ነጥቢ፡ ጋንታ ናትና ድማ ብ5 ነጥቢ ይስዕባኣ።

ካብ ተቐዳደምቲ ክሊ. ዕድመ 15-16 - 1ይ እሰይ ሙሴ ብ12 ነጥቢ፡ 2ይ ኤርምያስ የማነ ብ10 ነጥቢ - ክልቲኦም ካብ ጋንታ ጎዳይፍ፡ 3ይ ኣዶናይ ኣማንኤል ብ8 ነጥቢ ካብ ጋንታ ትጸቢት ክመርሑ ከለው፡ ብጋንታ ከኣ ጋንታ ጎዳይፍ ብ22 ነጥቢ ኣብ ቀዳማይ ተሰሪዓ ኣላ። ጋንታ ትጸቢትን ጋንታ ናትናን ብ8 ነጥቢ ኣሰር ጎዳይፍ ዝስዕባ ዘለዋ ጋንታታት እየን።

ካብ ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ብውህሉል ነጥቢ ዝመርሓ ዘለዋ ሲዶና ሃብቶም ብ14 ነጥቢ ካብ ጋንታ ሳዋ፡ ኢትክሊዩ ዲቮራ ዳንኤል ብ8 ነጥቢ ካብ ጋንታ ሰራየር ሳዋ፡ ሊድያ የዕበዮ ብ5 ነጥቢ ካብ ጋንታ ጸጋዎት'የን። ብጋንታ ከኣ ሰራየር ሳዋ ብ15 ነጥቢ ክትመርሕ እንከላ፡ ጋንታ ጸጋዎት ብተመሳሳሊ ነጥቢ ትስዕብ ኣላ። ጋንታ ሳዋ 'ኢትክሊዩ ድማ ብሓደ ነጥቢ ተረፋ ሳልሰይቲ ብምዃን ትስዕበን።

ካብ ተቐዳደምቲ ክሊ. ዕድመ 17ን ልዕሊኡን፡ ብውህሉል ነጥቢ ዝመርሑ ዘለዉ 1ይ ተስፉ ኤፍሬም ብ8 ነጥቢ ካብ ጋንታ ኣቡሻውል፡ 2ይ ኬቨን ተኽለማርያም ካብ ጋንታ ጸጋዎት፡ 3ይ ሚልዮን መኮነን ብ5 ነጥቢ ካብ ጋንታ ኣቡሻውል እዮም። ብጋንታ ኣቡሻውል ብ13 ቀዳመይቲ ኮይና ክትመርሕ እንከላ፡ ጋንታ ጸጋዎትን ጋንታ ጎዳይፍን ከኣ 7 ንጥቢ ብምእካብ ይስዕባ።

ዩዝ ዳርሶ ኣብ ዝካየደሎ ናይ ሰለስተ መድረኽ ውድድር፡ ብውህሉል ነጥቢ ኣዶናይ ቃልኣብ እዩ ብ18 ነጥቢ ዝመርሕ ዘሎ። ያፌት ሰለሙን ብ14 ነጥቢ ክስዕቦ እንከሎ፡ ኢሳው ጸሃየ ከኣ ብ12 ነጥቢ ሳልሳይ ተርታ ሒዙ ዘሎ ተቐዳዳማይ እዩ። ብጋንታ ጎዳይፍ ብ 8 ነጥቢ ኣብ ቀዳማይ ክትሰርዕ ከላ፡ ጋንታ ጸጋዎት ብ21 ነጥቢ. ጋንታ ዲኤቸኤል ከኣ ብ16 ነጥቢ ተመራሪሐን ኣብዚ ናይ መዛዘሚ ውድድር ክኣትዋ እየን።

## ሃላንድ፡ ሰሙናዊ 900 ሽሕ ፓውንድ ይግሕጥ

ኣብዚ እዋን ብዘርእዮ ዘሎ ብሉጽ ብቕዓትን ብዘመዝግቦም ዘሎ ብዙሓ. ሹቶታትን መዘረቢ. ማዕከናት ዜና ስፖርት ዓለም ኮይኑ ዘሎ ኤርሊን ሃላንድ፡ ሰሙናዊ 900,000 ፓውንድ ይኽፈል ከምዘሎ መርበብ ሓበሬታ ደይሊ. መይል ኣፍሊጡ። እዚ ኖርወጻዊ ተጻዋታይ፡ ዓመታዊ 45 ሚልዮን ፓውንድ ይኽፈል ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።



እዚ ማለት ከኣ፡ ኣብ መላእ ዓባይ ብሪጣንያ እቲ ዝለዓለ ዝኽፈል ተጻዋታይ ኮይኑ'ሎ ማለት እዩ። ወዲ 22 ዓመት ኤርሊን ሃላንድ ዓብይቲ ሞቐሽሽ ይወስድ ብምህላዉ'ዩ ኢታዊታቱ ሰማይ ተወንጪፉ ዘሎ። ኣብ ክራማት ናይዚ ዓመት ኣብ ዝበረ ማስርሕ ምዕባራር ተጻዋትቲ ኤውሮጳ ካብ ብሩሽያ ዶርቱሞንድ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ብ51 ሚልዮን ፓውንድ ዝተሰጋገረ ኤርሊን ሃላንድ፡ ዛጊት ካብ 12 ጸወታታት 19 ሹቶታት ኣመዝጊቡ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ሲቲ፡ መዕጸዊ ውዕል እቲ ተጻዋታይ ውሑድ ብምንባሩ ኣብ ማስርሕ ምስጢጋሩ ዝያዳ ክትረብሕ ከም ዝኸኣለት እያም - ኣብ ዕዳጋ ተጻወትቲ ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ዘለዎም ተንተንቲ ዝገልጹ። እታ ጋንታ ኣብ ወርሒ. ሚያዝያ ኣቐዲማ ድሕሪ ዝገበረቶ ስምምዕ'ያ - ነቲ ኣብ ዓይኒ ጓል ከተማኣ ማንቸስተር ዩናይትድ ወዲቑ ዝነበረ ተጻዋታይ ክትውንኖ ክኢላ።

ሃላንድ ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ሜዳኣ ኢትሓድ ኣብ ዝተኻየደቶም ሰለስተ ተኸታተልቲ ጸወታታት፡ ሰለስተ ግዜ ሃትሪክ ክሰርሕ ብምኽኣሉ ትርጉም ዝበለ ሞቐሽሽ ክረክብ ከም ዝኸኣለ'ዩ ዝንገር። ኣብ ሸሞንተ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታታት'ውን 14 ሹቶታት ብምርካቡ፡ ካልእ ተወሳኺ ገንዘብ ክግሕጥ ኣኽኢልዎ ኣሎ። ሃላንድ ኣብ ግጥማት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ብኸም'ዚ ዘሎ ሹቶ ናይ ምምዝጋብ ፍጥነት እንተደአ ከይዱ፡ ነዚ ውድድር ብ67 ሹቶታት ክዛዘሞ እዩ። በዚ ኸኣ ዓመታዊ እቶት እቲ ተጻዋታይ፡ ካብቲ ኣቐዲሙ ዝተገመተ ንላዕሊ. ክኸውን ከም ዝኽእል ፈላጣት ናይ'ዚ ዓውዲ ይሕብሩ።

## ስልጠና ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ

ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ዓቕሚ ተቐዳደምቲ ደቀንስትዮ ሃገርና ንምሕያል ዝካይዶ ዘሎ ሰራሓት፡ ካብ 28 መስከረም 2022 ጀሚሩ ኣብ ኣስመራ ክህቦ ዝቖየ ናይ ዓሰርተ መዓልታት ስልጠና ውድድራት ቅድድም ብሽክለታ፡ ብዕርቢ. 7 ጥቅምቲ ከም ዝተዛዘመ - ህዝባዊ ርክባት ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።



እዚ ካብ መላእ ሃገር ንዝተዋጽኣ 12 መንእሰያት ተቐዳደምቲ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ተሳቲፎ ብኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኣቶ ሙሴ ኣስሃል ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ንኣምራትን ኣገባብትን ዘመናዊ ስልጠና፡ ንዝገዝፍ ጥዕናን ኣገባብ ምግዛብን ተወዳደርቲ፡ ንሚላታት ሽኣን ናይ ግዜ ውድድርን (power training and time trial)፡ ንጥንካረ ጭዋዳታት (muscle strength) ከምኡ'ውን ዓቕን መውዳደሪ ብሽክለታ (Bicycle measurement)ን ካልእን ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት ንሰልጠንቲ ዝተዓደለ ወረቐት ምስክር ድሕሪ ምዕዳሉ - ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኣቶ ተመስገን ረዳእ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ሰልጠንቲ ነቲ ዝወሰዳኦ መባእታዊ ስልጠና ከም መበገሲ. ወሲደን ኣብ ዘካይዳኦ ናይ ልምምድን ስሩዕ ውድድራትን መደባት ዝያዳ ከማዕብላኦ ብምዝኽኻር፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ. ደረጃ ተቐዳደምቲ ደቀንስትዮ ንኸዕቢ. ተመሳሳሊ. ዕድላት ብምፍጣር ዓቕሚ ተወዳደርቲ ዞባታት ሃገርና ዝመዓራረየሉ ባይታ ንምጥጣሕ ጻዕርታቱ ከም ዘሐይል ኣረዲኡ። ሰልጠንቲ ብወገኖኦን ኣብ ዝሃብኦ ርእይቶ ዝወሰድኦ ስልጠና ንዝጸንሖን ዓቕሚ ብሓደ ደረጃ ክብ ዘብል ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ንተገዳስነትን ኣበርክቶን ነቲ ዝልጠና ዝሃበ ኣሰልጣኒ. ሙሴ ኣስሃል ምስጋንኦን ኣቕሪበን።

ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ቀረባ ኣዋርሕ'ውን ንዕቤት ቅድድም ብሽክለታ ዝሕግዙ ተመሳሳልቲ ስልጠናታት ወዲቡ ምንባሩ ዝዝከር እዩ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

በርንማውዝ ምስ ሌስተር ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ

ቸልሲ. ምስ ዎልቨስ ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ

ማንቸስተር ሲቲ ምስ ሳውዝሃምተን ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ

ኒውካስል ምስ ብረንትፎርድ ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ

ብራይተን ምስ ቶተንሃም ሰዓት 7፡30 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## መራሕቲ ቱርኪን ኣርመንያን ንፈለማ ግዜ ብኣካል ተራኺቦም

ኣብ መንጎኦን ዓሚቝ ታሪኻዊ ጽልኢ ከምዘለወን ዝነገረለን ቱርኪን ኣርመንያን፡ ዝምድናአን ንምምሕያሽ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታመን፡ መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ንፈለማ እዋን ብኣካል ተራኺቦም ከምዝዘተዩ ተገሊጹ፡፡

ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጠይብ ኤርዶጋንን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣርመንያ ኒኮል ፓሺንያንን፡ ኮር ርክብ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ፕራግ - ርእሲከተማ ቸክስሎቫክያ ከምዝተፈደዎ ተሓቢሩ፡፡

ርክብ ናይ ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት፡ ኈ-ኈ እቲ ኣብ ቸክስሎቫክያ ዝቃናዕ ዘሎ 'ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ኤውሮጳ' ንምምስራት ዝዓለመ ዋዕላ መራሕቲ 44 ሃገራት ኤውሮጳ ከምዝተኻየደ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ፕረዚደንት ኣዘርባጃን ኢልሃም ዓሊየቭ እውን፡ ኣብቲ ዘይወግዓዊ ምኽንያት ዝተገልጸ ርክብ ፕረዚደንት ጠይብን ቀዳማይ ሚኒስተር ፓሺንያንን ተሳቲፉ ምንባሩ ተሓቢሩ፡፡

እንተኾነ፡ ዝርዝር ትሕዝቶ ርክብ ናይ'ቶም መራሕቲ ካብት ኣይተገልጸን ዘሎ፡፡

ንዳሰርተታት ዓመታት ዝኣክል ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ዘይጸንሐን ቱርኪን ኣርመንያን፡ ዝጸንሐን ዘይምቅዳው ንጉድኒ ኣወዚፈን ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ክጅምራን ናይ ሓብር ዶብተን ክኸፍታን ዝሓለፈ ዓመት ተሰማሚዐን ከምዝነበራ ይግለጽ፡፡

ድሕሪ'ቲ ኣብ መንጎአን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ክልቲአን ሃገራት ፍሉያት ልኡኻት ብምምዛዝ፡ ካብ ሽዑ ጀሚረን ንኣርባዕተ ዙርያ ዝቐጸለ ዘተታት ከምዝተፈደዳ ይሕበር፡፡

ከም ወጽኢት ናይቲ ዘተደአ ዘተታት ድማ፡ ኣብ መንጎአን ንነዊሕ ዓመታት ተቛሪጹ ዝጸንሐ በረራታት ነፈርቲ ዳግማይ ክጅምር ከምዝተኻእለ ይዝከር፡፡

ቀንዲ መሻርኽቲ ኣዘርባጃን ዝኾነት ቱርኪ፡ ኣብ መንጎ ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ብጉዳይ ኣከራኻሪ ዞባ ናጎርኖ-ካራባኽ ደማዊ ግጭት ድሕሪ ምውላዑ፡ ኣብ 1993 ንኣዘርባጃን ዘለዋ ደገፍ ንምግላጽ ክትብል ኑቲ ምስ ኣርመንያ ዘራኽብ ዶብ ከምዝዓጸወቶ፡ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡



## መክሲኮ - ብሰንኪ ጉጅለኣዊ ግጭት 20 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ደብባዊ ክፋል መክሲኮ ኣብ እትርከብ ክፍሉሃገር ጉረሮ፡ ምስ ጉጅለታት ኣሲጋርቲ ዕጹፋርስ ርክብ ከምዘለዎም ዝተገልጹ ዕጡቓት ብዘፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ከንቲባ ዝርከቦም 20 ሰባት ከምእተቐተሉ ሰብስልጣን እቲ ከባቢ ገሊጾም፡፡

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ መንጎ ናይ ገበን ጉጅለታት ብዝበዝሐ ክርክር ከምእተበገሰ፡ ተሓጋጋዚ ጸሓፊ ድሕነት ህዝቢ ሜክሲኮ - ራካርዶ መጅያ ገሊጹ፡፡

እቲ ከባቢ፡ ኣብ መንጎ ናይ ገበን ጉጅለታት ግጭትታት ብብዝሒ ዝረኣየሉ ምኽንያት ዝገለጸ እቲ ብዓልስልጣን፡ ብ 'ቴኪለሮስ' ዝፍለጥ ገበናዊ ጉጅለ ምስ 'ፋሚልያ ሚቾኣካና' ዝተባህለ ተመሳሳሊ ጉጅለ ብቐጻሊ ኣብቲ ዞባ ከምዝንቀሳቐስ ሓቢሩ፡፡

ፕረዚደንት መክሲኮ ኣንድሬስ ማኑኤል ሎፔዝ ኦብራዶርኣብ፡ ኣብታ ሃገር ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዝፍጸም ዘሎ ተደጋጋሚ ግጭት፡ ጸጥታዊ ውሕስነት እታ ሃገር ንኸይረጋግጽ ዝዓበየ ብድሆ ኰይኑዎ ከምዘሎ እዩ ዝገልጽ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣባላት ገበናዊ ጉጅለ 'ቴኪለሮስ' ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዝዘርግሕዎ ተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ ናይቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓላፍነት እኳ እንተወሰዱ፡ ሓቅነቱ ንምርግጋጽ ግን መርመራታት ከምዝድለ ሰብመዚ መክሲኮ ሓቢሮም፡፡

መበዝሕትኦም ግዳያት ናይቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ሰብስልጣን ናይቲ ከባቢ ከምዝኾኑ እዩ ዝገለጸ፡፡



## ሊባኖስ ሕማም ሸሮኽ ኣትዩዋ

ኣብ ሊባኖስ ድሕሪ 1993 ንፈለማ እዋን መልከፍቲ ሕማም ሸሮኽ ከምዝተራእየ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር ኣፍሊጡ፡፡

ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ዝ ዘፍለጦ፡ ሶርያ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ናብ መላእ ግዝኣታ ንዝተዘርግሐ ለበዳ ናይቲ ማይ-ወለድ ሕማም ንምቁጽጻር ኣብ እትቃለስሉ ዘላ እዋን እዩ፡፡

ግዚያዊ ሚኒስተር ጥዕና ሊባኖስ ፊራስ ኣብያድ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ መልከፍቲ ብረብዕ ኣብታ ኣብ ገጠራት ሰሜናዊ ሊባኖስ እትርከብ ዞባ ኣካር ከምእተመዝገበ፡ እቲ ሶርያዊ ዜጋ ዝኾነ ሕሙም ድማ ሕክምናዊ ክንክን ይግበረሉ ከምዘሎን ሓቢሩ፡፡

ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ሕማም ሸሮኽ ብ 'ቫይብርዮ ኮሌራ' ዝተባህለ ባክተርያ ዝተበከለ መግቢን ማይን ብምውሳድ ዝስዕብ ኮይኑ፡ መብዝሕትኦም ሕሙማት ኣብቲ ቀሊልን ማእከላይን ዝበዝሐ ደረጃ ናይቲ መልከፍቲ ከምዝርከቡ፡ ቀልጢፎም ኣድላዪ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘይረኽቡ ግን ናብ ሞት ክበጽሑ ከምዝኽእሉ ይገልጽ፡፡

እቲ ሊባኖሳዊ ብዓልሰልጣን ኣብ መግለጺኡ፡ ምስ ሰብስልጣን ኣህጉራውያን ትካላት ብምርኻብ፡ ኣብታ ሃገር ክኽሰት ዝኽእል ለበዳ ናይቲ ሕማም ኣብ ምክልኻል ዝሕግዙ ካብ ኣልዒሉ ከምእተዘራረበ ሓቢሩ፡፡

ጠንቂ ናይቲ ኣብ ሃገሩ ተመዝጊቡ ዘሎ ፈለማ መልከፍቲ ሸሮኽ፡ በቲ ኣብ ጎረቤት ሃገሩ ዝኾነት ሶርያ ተኸሲቱ ዘሎ ለበዳ ናይቲ ሕማም ክኸውን ከምዝኽእል ድማ ወሲኹ ኣሚቱ፡፡

ሚኒስትሪ ጥዕና ሶርያ ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ፡ ክሳብ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኣብታ ሃገር ብውሕዱ 594 ሓደሽቲ መልከፍቲ ሸሮኽን 39 ሞትን ከምእተመዝገበ ገሊጹ፡፡



## ቺለ - ባርዕ ጫካ ኣብ ልዕሊ ሓወልቲታት ዕንወት ኣውሪዱ

ኣብ ቺሌ፡ 'ኢስተር ኣይላንድ' ተባሂላ ኣብ እትፍለጥ ደሴት ብዘተኸሰተ ባርዕ ጫካ፡ ገለ ካብ'ቶም ብ 'ሞኣይ' ዝፍለጡ ብእምኒ ዝተቐርጹ ሓወልቲታት ከምዝዓነዉ ተገሊጹ፡፡

ብዘወሳኺ፡ በቲ ባርዕ ኣስታት 60 ሄክታር ዝግመት ጫካ እውን ከምእተሃሞኸ፡ ምክትል ጸሓፊት ባህላዊ ቅርስታት እታ ሃገር - ካሮሊና ፔረዝ ብሓሙስ ኣብ ትዊተር ኣብ ዘዘርግሓቶ ሓበሬታ ኣረዲኣ፡፡

ኣብታ ካብ ምዕራባዊ ገማግም ባሕሪ ቺለ ኣስታት 3500 ኪሎሜተር ርሒቓ እትርከብ ደሴት ኢስተር፡ በቲ ካብ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣትሒዙ ዝቐጸለ ዘሎ ባርዕ ብጠቕላላ 100 ሄክታር ዝግመት ዱር ከምእተሃሞኸ፡ እታ በዓልቲ-ስልጣን ሓቢራ፡፡

ኣብ መዘኑብ ዓለማዊ ወርሻ ዩኔስኮ ዝሰፈረ እሳተ-ጎመራዊ ቦታታት 'ራኖ ራራኩ' እውን በቲ ባርዕ ዝያዳ ተሃሲዩ ከምዘሎ ተገሊጹ፡፡

ከንቲባ ደሴት ኢስተር ፔድሮ ኤድሙንድስ ንማዕከናት ዜና እታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እቲ ባርዕ ኣብ ልዕሊ ሓድጊታት ወርሻ ኣስዒብዎ ዘሎ ዕንወት ክፍወስ ኣይክእልን'ዩ" ክብል ሓቢሩ፡፡

እንተኾነ፡ ብዛዕባ እቲ ሓደጋ ኣውሪድዎ ዘሎ ጠቕላላ ዕንወት ኣመልኪቱ ዝወጸ ዝርዝራዊ ጸብጻብ የለን፡፡

እቲ ባርዕ እታ ደሴት ብሰንኪ ለበዳ ኮቪድ-19 ንኽልተ ዓመታት ተዓጺያ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝሓለፈ 5 ነሓሰ ንቱሪዝም ድሕሪ ምኽፋታ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ እዩ ዘጋጥም ዘሎ፡፡

ቅድሚ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ምኽሳቱ፡ ቀንዲ ምንጪ ቁጠባዊ እቶታ ቱሪዝም ከምዝነበረ ዝነገረላ ደሴት ኢስተር፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 160 ሽሕ በጻሕቲ ተአንግድ ምንባራ ይግለጽ፡፡

እታ ደሴት፡ ቅድሚ ኣብ 1888 ምስ ቺለ ምሕዋሳ፡ ብ 'ፖሊነዥያ' ዝፍለጡ ነበርቲ ንነዊሕ እዋን ይቕመጡላ ምንባሮም ይፍለጥ፡፡

እቶም ሓድጊ ናይ'ቶም ተቐማጦ እቲ ከባቢ ዝነበሩ ደቀባት ምዃኖም ዝነገረሎም ሓወልቲታት፡ ካብ 1400 ክሳብ 1650 ዓ.ም ኣብ ዝነበረ እዋን ብተወለድቲ እታ ደሴት ዝተሃንጹ ምዃኖም ይግለጽ፡፡



## ፈረንሳዊት ደራሲት ተዓዋቲት ሽልማት ኖበል ስነ-ጽሑፍ 2022 ኮይና

ፈረንሳዊት ደራሲት ኣኒ ኤርናክስ፡ ተዓዋቲት ሽልማት ኖበል ስነጽሑፍ 2022 ምዃና ተገሊጹ፡፡

82 ዓመት ዝዕድመኣ ኣኒ፡ ኣብ ውልቃዊ ተመክሮን ጉዳይ ጾታን ብምምርኳስ ብእትጽሕፎም ልብ-ወለዳዊ ጽሑፋት ዝያዳ ከምእትፍለጥ ይሕበር፡፡

ንሳ፡ ድሕሪ'ቲ ሽልማት ምስ ቴለቪዥን ሽወደን ኣብ ዝገበረቶ ቃለ-መሕትት፡ እቲ ሽልማት ዓቢ ሓላፍነት ዘሰከም ምዃኑ ገሊጻ፡፡

ልዕሊ 20 ካብ መጻሕፍቲ ኣና ኤርናክስ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ፈረንሳ ንዓመታት ዝኣክል ከም ኣካል ትምህርቲ ከምእተኣታተዉ ይግለጽ፡፡

ኣኒ ኑቲ ኣህጉራዊ ክብሪ ዘለዎ ሽልማት ዝጠቕዐት፡ ኣብ ምጽሓፍ ኣብ ውልቃዊ ዝኽሪታታ ዝሰረቱ ንጾታዊ ፍልልያትን ግትኣታቶምን ምንጪታቶም ዘጽኑ መጻሕፍቲ ብዘርኣየቶ ትብዓት ምኽንያት ደያኑ ናይቲ ኣብ ስቶክሆልም ዝመደበሩ ኣካዳሚ ሽወደን ሓቢሮም፡፡

ዝሓለፈ ዓመት ታንዛንያዊ-ብሪጣንያዊ ጸሓፊ ዓብዱልራዛቕ ጉርናህ ተዓዋቲ ሽልማት ኖብል ስነጽሑፍ ምንባሩ ይዝከር፡፡



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓማሴን | 8/10/2022 | ጎደና ሓማሴን-176 ቁ.1 ከባቢ ሴዳዉ | 120205 |
| ፋርማሲ ሂወት | | ጎደና ብድሆ ፡ ጥቓ ደሴት ሰማእታት(ጥቓኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |
| ፋርማሲ ሰለማዊ | | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.7ዝ19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565